# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.42 | ቀዳም 19 ጥቅምቲ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ሓልዮት ደዩ ምቁጽጻር?



ገጽ 4
'ሽርሒ "ሕብራዊ ሰውራ"' እንታይ እዩ?



ገጽ 5
ትንፈር ኣይትንፈር ጤል ሃያ!

ገጽ 6
ዝኽሪ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ



ገጽ 11
ደቀምሓረ - ሃገራዊ ውድድር ኣትለቲክስ ክካየድ እዩ




# ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ፡ ወረቐት ስርሖ ንንጉስ ሽወደን ኣረኪቡ

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሬፓብሊክ ኢጣልያ ኣቶ ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ፡ ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ኣብ ሽወደን ብምዃኑ ብ16 ጥቅምቲ ወረቐት ስርሑ ንንጉስ ሽወደን ካርል ጉስታቫ መበል 16 ኣረኪቡ።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን፡ ኤርትራ ኑቲ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዘጸንሐ ዝምድና ንምድልዳልን ንምምዕባልን ክትሰርሕ ምጃናሓ፡ ኣብ መጻኢ ድማ ብዝበለጸ ከምእትደፍኣሉ ገሊጹ።

ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት'ውን፡ ምስ ሓላፊት ፕሮቶኮል ሚስስ ማርያ ክርስቲና ሉንደክቪስት፡ ጸሓፊ ዝምድናታት ወጻኢ ሚስተር ጃርዚ ማኮሮቭስኪ፡ ኣምባሳደር ሽወደን ኣብ ኤርትራ ሚስ ጂኒ ኣህልሰንን ካልኦት ሰብ-መዛንን ሽወደን፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣውን ሓባራውን ዝምድናታትን ካልእ ጉዳያትን ዘተኩረ ርክባት ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ርክባት፡ ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስካንዲናቪያ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ መሓመድ-ዓሊ መሓመድ-ሰዒድ ተረኺቡ ነይሩ።



# ሎጎ-ዓንሰባ፡ ሓረስቶት ምህርቶም ብኣጋ ክእክቡ መዘኻኸሪ ይቐርብ

ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ካብ ጺዮቕ ማዕጺድ ንምድሓን ዘራእቶም ብእዋኑ ክእክቡ፡ ሞያውያን ሕርሻ ኣዘኻኺሮም።

ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ግደይ ዘርኣጋብር፡ ሎሚ ዓመት ኣስታት 6 ሽሕ ሄክታር ተሓሪሱ፡ 8 ዓይነታት ኣእካልን ጥረታትን ከምእተዘርአ ብምግላጽ፡ ሓረስቶት ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘቖደዎ ጻዕሪ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ ፍርዙን ጉብረወልዲ ብወገኖም፡ ሓረስቶት ኣብ ክረምታዊ ሕርሻ ጥራሕ ከይተሓጽሩ ናብ መስኖኣዊ ሕርሻታት ዘሰጋግሩሉ ባይታ ይፍጠር ስለዘሎ፡ ስትራተጂ 'መኣዛዊ መግቢ ኣብ ኩሉ ንኹሉ' ዕላማኡ ከምዝወቅዕ ዘጠራጥር ከምዘየለ ኣገንዚቡ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ኣብ ሕርሻ እቲ ቀንድን ወሳኒን ሰፍሓት መሬት ዘይከውን ዝለዓለ ሰፍሓት ከም'ቲ ዝጠቕሱ ምኽትታልን ምክንኻንን ከምዝሽሉ ብዋዕራዊ ስራሕ ከምእተማህሩ ብምግላጽ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ሚኒስትሪ ሕርሻን ክተሓጋገዝዎም ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ሓረስቶት ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዝኸየድዎ ዘለዉ ጻዕሪ ብምምጓሱ፡ ጉዒ-ጉዒ'ቲ ምህርቲ ብእዋኑ ናይ ምእካብ ማስርሒ፡ ሳዕርን ተረፍ-መረፍ ምህርትን ብግቡእ ክእክቡ ኣዘኻኺሩ።

# ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ዘሰልጠኖም 74 ኣባላቱ ኣመረቐ

ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ወሽጣዊ ዓቕሙን ካልኦትን ዘውክለን ኩባንያታት ጃፓንን ኣወሃሂዱ ብፍልስፍና 'ካይዘን' ካብ ሰለስተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ዘሰልጠኖም 22 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 74 ኣባላቱ፡ ብ17 ጥቅምቲ ኣመረቐ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ፍልስፍና 'ካይዘን' ብምትግባር ንዝተረኽበ ዓወታት፣ ኣብ ኣሰራርሓ ወይ መስርሕ ንዝተረኽበ ለውጢን ፈጠራን፣ ከምኡ'ውን እቲ ኩባንያ ካብ ዝማስረት ዘቖጸሮ ስልጠናታት ዘንጸባርቕ ምርኢት ቀሪቡ።

ኣካያዲ ስራሕ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ኣቶ ግርማይ ኣብረሀ ኣብ ዝሰመዖ ቃል፡ ጃፓን ዝመበቆሉ ፍልስፍና 'ካይዘን' - ናይ ስራሕ ብልሓት ኮይኑ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለምን ፈጠራን እወታዊ ለውጢን ዘዮባትኽ ምዕባለን ንምምጻእ ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ መላእ ዓለም ተቐባልነት ዝረኸበ ዘሎ ሜላ ከምዝሾነ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ኩባንያ ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኢንጂነር ናህም ሚልዮን ድማ፡ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ከም ሃገራዊ ትካል፡ ካብ ወከልቱ ዝኾና ትካላት ዝረኸቦ ፍልጠትን ንዓመታት ዘጥረዮ ተመክሮን ናብ ሕብረተሰብ ንምትሕልላፍ ወትሩ ኣብ ጻዕሪ ከምዝርከብ ገሊጹ።

ተመረቕቲ ብወገኖም፡ ንኣጉዳሰት ናይ'ቲ ስልጠና ኣብ መዓልታዊ ስርሖም ብምጥቃስ፡ ዓቕሞም ንኸማዕብሉ ብደረጃ ትካል ንዝገበረሎም ወፍሪ ኣመስጊኖም።

ካብ ዝምስረት 27 ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ መሰልጠኒ ማእከል ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ንመበል 12 ግዜኡ የመርቕ ከምዘሎ ሰነዳት የረድኡ።






ስኣላት የውሃንስ መብራህቱ

ዜና

# ሳንሆዜ (ሕ/መ/ኣ) - ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር ዘተኩረ ሰሚናር ተቓኒዑ





ኣብ ሳንሆዜ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርን ተራ ዜጋታትን ዘተኩረ ሰሚናር፡ ብ13 ጥቅምቲ ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኣመሪካ ኣቶ ብርሃ ጉብረሂወት ተኻዪዱ።

ኣቶ ብርሃ፡ ንህልው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ዝምልከት ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምሃቡ፡ ዜጋታት ብሓፈሻ ማሕበራውያን ሓይልታት ድማ ብቐንዱ፡ ውዳበታቶም ብምሕያል መድረኽ ዝጠልቦ ንቑሕ ተሳትፎን ኣበርክቶን ክዕብዩ ኣዘኻኺሮም።

ኣቦመንበር ባይቶ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ዶ/ር ጊዴዎን ኣባይ ብወገኑ፡ ኣብ ኩሉ ዝቐየድ ሃገራውን ኮማውን ቃልሲታት፡ ምሽስካስ ብቑዕ ተካኢ ወሎዶ ዝለዓለ ኣቓልቦ ክወሃቦ ተላቢዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ቺካጎ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነብሩ ዜጋታት፡ ሓደስቲ ወለዶታት ብስፖርትን ኤርትራዊ ክብረታትን ተሃኒጾም ንኽዕብዩ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሕድሕዶም ዘለዎም ዝምድናን ምድልዳልን ዝዓለመ ስፖርታዊ ውድድራት ሰሪዖም።

እቲ ብበዓል ዕድመ ዝተመደበ ናይ ደቂኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ጋንታታት ዝተሳተፍኦ ግጥማት ክሳዕ እግሪ፡ ብስድራቤታትን ማሕበረኦምን ዝተደገፈ ብምኳኑ ወጽኢቱ ኣተባቢዒ ከምዝነበረ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ሓገዝ ናውቲ ትምህርቲ ን600 ተመሃሮ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ 251 ደቂኣንስትዮ ንዝርከብዎም ካብ መላእ ዞባ ዝተለለዩ 631 ጽጉማት ተመሃሮ፡ ንሓደ ዓመት ከምህሮም ዝኸእል ምሉእ ናውቲ ትምህርቲ ብሓገዝ ዓዲሉ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ የሴፍ ፍስሃየ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ እዚ ዓመት መጺ ዝዕደል ሓገዝ፡ ዜጋታት ብስንኪ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይበኹሩ ዝዓለመ ምኳኑ ብምግላጽ፡ ወለዲ ንተመሃሮ ደቆም ብግቡእ ክከታተሉን ክተባብዕዎን ተላብዩ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ን89፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ን100፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ን330፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን ን240፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ን250፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ን110፣ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ድማ ን81 ተመሃሮ ተመሳሳሊ ደገፍ ከምእተገብረ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባታት ገጀረትን ማይ-ተመናይን ብድምር ን176 ጽጉማት ተመሃሮ ደገፍ ናውቲ ትምህርቲ ተገይሩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ጋሽ ባርካ - 'ማእከል ሕርሻዊ ምርምር ኣክላላት' ብነበርቲ ተመጕሱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎሉጅ ዝተደኮነ 'ማእከል ሕርሻዊ ምርምር ኣክላላት'፡ ኳ-ኺ'ቲ ዞባይዶ ዘሎ ምርምራዊ ስራሕን ፈተነን ንዝበርቲ ዕድል ስራሕ ብምፍጣር፣ ከምኡ'ውን ኣብ ልምዓት ጀራዲንን ምርባሕ ከብትን ፍልጠት ብምትሕልላፍ ዝገብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ተመጕሱ።

ወኪል ናይ'ቲ ማእከል ቀሺ የውሃንስ የሴፍ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ትካል ኣብ ዓውድታት ምርምር ባህርያዊ ጺጋታት፡ ሕርሻዊ ምህንድስና፡ ልምዓትን ምክልኻልን ብቕሊ፡ ሃብቲ እንስሳን ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣተኩሩ ምርምርን ፈተነን ከምዘካይድ፣ ዛጊት ድማ 40 ነበርቲ ተመኩሮ እናቐሰሙ መነባብሮኦም ዝመርሑሉ ባይታ ተፈጢሩ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ መኣዛ ጎይትኦም ብወገና፡ ደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ ጽጉማት ስድራቤታት ድማ ብፍላይ ቀንዲ ተረባሕቲ ናይ'ቲ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ሸቐለት ዕድል ከምዝኾና ብምጥቃስ፡ ጠለብ መኣዛዊ መግቢ ስድራቤታተን ንኸውሕስ'ውን ደገፉን ስልጠናን ከምዘውሃበን ሓቢራ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ኣክላላት ኣቶ መሓመድ ኪርን ኣብ'ቲ ትካል ናይ ስራሕ ዕድል ዝረኸቡ ነበርትን ድማ፡ 'ማእከል ሕርሻዊ ምርምር ኣክላላት' ክሳዕ'ቲ ኣብ ጽላት ሕርሻ ዝጻወቶ ዘሎ ተራ፡ ናይ ስራሕ ዕድል ከምዝፈጠረሎምን ኣብ ምርባሕ እንስሳን ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ዝጸንሖም ኣፍልጦ ዝዕበዩሉ ባይታ ከምዝረኸቡን ገሊጾም።

# ኣብ እምኒ-ሓይሊ ዘርኢ ዕፉን ናይ ምድቓል መስርሕ ብጽቡቕ ይሰላሰል

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ዘርኢ ዕፉን ናይ ምድቓል መስርሕ ብጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሓረስቶት ብ15 ጥቅምቲ ኣብ ዓዲ-ማእዶ ኣብ ግራት ሓረስታይ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ትዕዝብቲ መደብ ተገሊጹ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ክኢላ ልምዓት ብቝሊ ኣቶ ኣማኑኤል ገብረብርሃን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቶታውነት ሕርሻ ንምዕባይ ብዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ንሓረስቶት ዝዕደል ዝተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ንምብዛሕ ዝተገብረ ፈተነ፡ ዘተባብዕ ውጽኢት ከምእተረኽቦ ሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ሕርሻ ዞባ ደቡብ ክኢላ ልምዓት ብቝሊ ኣቶ ክፍለማርያም ዓንደብርሃን ብወገኑ፡ ሞያውያን ኣብ ዝተመደቡሉ ነቑጣ፣ ሓረስቶት ድማ ኣብ ግራውቶም ንዘርኣይዎ ምክትታል ብምምኳስ፡ ሓረስቶት ብጥርኑፍ ንኽባዝሑ ፍቓደኛታት ክኾኑን ክዳለዉን ተላብዩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ደቡብ ኣቶ የማነ ኣባይ ድማ፡ ምስ ዘሎ ናይ ቀውዒ ወቕቲ ብምትእስሳር፡ ጸያቕ ማዕጺድ ሓሓሊፉ ይርአ ስለዘሎ፡ ሓረስቶት ዝኣኸለ ምህርቶም ኣብ ቀፎኦ ከእትዉን ቀሚጦኦም ብዝግባእ ክሰርሑን ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ እምኒሓይሊ ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ ብወገና፡ ኣብ ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ዝተገብረ ኣብነታዊ ስራሕ ኣብ ዕፉን'ውን ከምዝድገም ብምርግጋጽ፡ ሓረስቶት ንሓድሕዶም ፍልጠቶም ክመሓላለፉ ተማሕጺና።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዝተሳተፉ፡ ስርናይ ብስሙር ኣብ ዝተዘርኦ ግራት ሓረስታይ ዑደት ኣካዪዶም።



ስኢ. ሸዊት ገብረብርሃን

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ሓልዮት ድዩ ምቊጽጻር?



ኣማኻሪ፤ ሄለው ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም። መን ክብል?

ደዋሊት፤ እው፡ ናባኹም'የ ደልየ። ፍዮሪ እበሃል። ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ መርሓባ ፍዮሪ፣ እንታይ ክሕግዘኪ?

ደዋሊት፤ ብዛዕባ ሓዳረይ ምኽሪ ደልየ።

ኣማኻሪ፤ ባህ እናበለኒ፡ ደይ ንሰብ ክሕገዝ ተባሂሉ'ዩ እዚ ኣገልግሎት ምኽሪ ተኸፊቱ ዘሎ። ዕድሜኽን ደረጃ ትምህርትኽንዶ ምሓበርክኒ ፍዮሪ?

ደዋሊት፤ ኣርብዓን ክልተን ዓመት ገይረ ኣለኹ። ትምህርቲ ኽኣ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ በጺሐ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ፡ እሞ ናብ መደወሊኺ ጉዳይ እንተ ኣተና እንታይ ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ ብዓልቤተይ፡ "ካብ ገዛ ኣይትውጽኢ፡ ኣበይ ኣለኺ፡" እናበለ ሰላም ከሊኡኒ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ሓዳር ክንደይ ዓመት ጌርኩም ኣለኹም?

ደዋሊት፤ ካብ ንምርያ ደኣ ዕስራን ሓደን ዓመት ጌርና ኣለና።

ኣማኻሪ፤ እዚ ትብልዮ ዘለኺ ጠባይ ሓድሽ ድዩ ዋላ ካብ መጀመርያ እዋን መርዓኹም ነይሩ'ዩ?

ደዋሊት፤ ሓድሽ ኣይኮነንን፣ ካብ ንምርያ ኣትሒዙ ዝነበረ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ እዚ ዝሓለፍኩሞ ዓመታት ንኽትውሃሃዱን ክትለማመዱን ቀሊል ግዜ ኣይመስለንን፣ ሕጂ እንታይ ሓድሽ ነገር ስለ ዝተረኽበ ደኣሉ ምኽሪ ክትሓቲ ደሊኺ?

ደዋሊት፤ ኣብ ጋዜጣ ዝወጽእ ጽሑፋትኩም ኣንቢበ፡ ብምኽርኹም ስለ ዝተመሰጥኩ'የ ገለ ንኣይ ዝጠቅምን ሞያዊ ምኽሪ እንተ ረኺብኩን ኢለ'የ ደዊለ። ከም ዘይልመዶ የለን ወላ ባህ ኣይበለኒ ለሚደዮ'የ።

ኣማኻሪ፤ ዕድመ ብዓልቤትኪ፡ ደረጃ ትምህርቱን ስርሑንዶ ምሓበርክኒ?

ደዋሊት፤ ንሱ ሓምሳን ሸውዓተን ዓመት ይገብር'ዩ፤ ስራሕተኛ መንግስቲ ኮይኑ፡ ናይ ውልቁ ዝሰርሓሉ ትካል'ውን ኣለዎ። ትምህርቲ ከኣ ድፕሎማ በጺሑ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ንስኺኸ ካብ ስራሕ ገዛ ወጻኢ ካልእ ስራሕ ትሰርሒ ዲኺ?

ደዋሊት፤ ኣነ ደኣ ሓዳረይ ጥራይ'የ ዝኣሊ፡ ካልእ ስራሕ የብለይን።

ኣማኻሪ፤ ወሊድኩምዶ ትኾኑ?

ደዋሊት፤ ኬድና ሰዲርና ኢና፣ ሓሙሽተ ውሉድ ኣለውና። ድሮ'ኳ እቲ በኹሪ ወድና ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ በጺሑ።

ኣማኻሪ፤ ሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታ ክኾነኒ ኢለ'የ እዚ ሕቶታት ሓቲተኪ። እስኪ ናብ ቀንዲ ጉዳይኪ ክንምለስ፣ "ብዓልቤተይ ምቊጽጻር ኣብዚሑለይ፡" ትብልዮ ዘለኺ። እንታይ ስለ ዝኾነ ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ እንድዒ፡ ብባህሪኡ ከምኡ'ዩ። ኣብ መገዲ ብሓንሳብ እናኸድና፡ ንሱ ዘይፈልጦ ወዲ ሰላም እንተ ኢሉኒ፡ "እንታዋይ'ዩ?" ኢሉ ይሓተኒ። 'ብዓልቲ ሓዳር ክብራ ሓልያ ክትከይድ ኣለዋ፣ ኣብ መገዲ፡ ዋላ ትፈልጦ ወዲ ይኹን፡ ሰላም ክትብል ግቡእ ኣይኮነን' ዝብል ኣመለኻኽታ ኣለዎ። ካብ ኣስመራ መጻኢ ስለ ዝሰርሕ ኽኣ ዳርጋ መዓልታዊ'ዩ ዝድውለለይ። "ኣበይ ኣለኺ? ምስ መን ኣለኺ? እስኪ ንቑልዑ ኣራኽብኒ!" እዩ ዝብል። ኣብ ዘለኽዎ ግድን ክፈልጥ ኣለዎ።

ኣማኻሪ፤ እስከ ቁሩብ ብዛዕባ ውልቃዊ ባህርያት ብዓልቤትኪ ኣዕልልኒ። ምስ ሰባት ዘለዎ ርክብ፡ ኣብ ገዝኡ ዘሕልፎ ሰዓታት ከመይ ይመስል?

ደዋሊት፤ ከምቲ ዝበልኩኻ፡ ስርሑ ካብ ኣስመራ ወጻኢ'ዩ። መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ወርሒ'ዩ ዝመጽእ። ዝኾነ ጉዳይ እንተ ኣጋጢሙ ኽኣ ኣብ ዝኾነ ግዜ ይመጽእ'ዩ። ከም ሰብ ኣብ ስራሕ እምበር ምስ ሰባት ብዙሕ ሕውስ ኣይኮነን። ኣዝዩ እሙንን ጥንቁቕን ሰብ፡ ፈታዊ ደቁን ሓዳሩን'ዩ። ሓንቲ ጸገሙ፡ እዛ ንኣይ ኣመና ምቊጽጻር'ያ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ፍዮሪ፡ ንስኺኸ ንነብስኺ ብኸመይ ትገልጽያ?

ደዋሊት፤ ኣነ ደኣ ከምኡ ህድእቲ'ኳ እንተ ኾንኩ፡ ምስ ሰብ ሕውስትን ዕላል ዝፈቱን'የ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ስራሕ ገዛኽን ምእላይ ደቅኽን ከ ከመይ ኢኺ?

ደዋሊት፤ ደቀይ ኣብ ርእሲ ርእሲ ስለ ዝኾኑ፡ ስራሕተኛ ገዛ ኣላትኒ። ኣብ ትምህርቶም ዝሕግዞም መምህር ናይ ገዛ ኽኣ ኣለዎም። ኣብ ናብራና ዝኾነ ጸገም የብናን። ክወጽእ እንተ ኾይነ ስራሕ ገዛይ ምስ ወዳእኩ'የ ዝወጽእ። ንሱ ምሳና ስለ ዘየለ ናብራ ገዛ ባዕለይ'የ ዘመሓድሮ።

ኣማኻሪ፡ ኣብ ምውጻእከ ከመይ ኢኺ? ማለተይ ቀጻሊ ዲኺ ትወጽኢ? ናበይ ኢኺኸ ትወጽኣ?

ደዋሊት፤ ሓቂ ይሓይሽ ናብ ዝኾነ ማሕበራዊ ጉዳይ ይበጽሕ'የ። ናብ መሓዙተይ ከኣ ሓንሳብ እኸደን ሓንሳብ ከኣ ይመጽኣኒ'የን።

ኣማኻሪ፤ ዝኸበርኪ ፍዮሪ፡ ብዛዕባ ዘይትፈትውዮ ባህርያት ብዓልቤትኪ ኣዕሊልክዮዶ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ኣዕሊለ'የ። ንሱ ግና ዝሰምዕ ኣይኮነን።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ እዚ ባህርያቱ ጠቒምዎዶ ትብሊ?

ደዋሊት፤ እንታይ ክጠቕሞ ደኣ! ሕማቕ ባህሪ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ዘሰክፍ ባህሪ እንተ ዘይብልኪ፡ "እዚ ባህርኻ እንታይ ይጠቕመካ ኣሎ፡ ዘጕድልኩዎ እንተ'ሎ ዘይትሕብረኒ፡ ንቖልዑ'ውን እኮ ጽቡቕ ትምህርቲ ኣይኮነን። ክሳብ ክንድኡ ዘይትኣምነቲ እንታይ ስለ ዝኾንካ ኢኻ?" ትብልዮዶ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ቀጻሊ'የ ዝብሎ፣ "ባህረይ'ዩ፡" ዝብለኒ።

ኣማኻሪ፤ ብወገንኪ፡ እምነት ዘጕድል ወይ ዘጠራጥር ባህሪ ኣሎኒዶ ትብሊ?

ደዋሊት፤ ኣነ ኣብ ሓዳረይ ጽንዕቲ'የ ዝብል። ዘሰክፈኒ ባህሪ'ውን የብለይን። ዕላል እንተ ዘይኮይኑ ካልእ የብለይን።

ኣማኻሪ፤ ዝተወሰነ ቦታ ጥራይ ድዩ ዋላ ናብ ዝኾነ ቦታ'ዩ ዘየፍቅደልኪ?

ደዋሊት፤ ናብ ስድራይን ቀረባ ቤተሰበይን ሓንቲ ኣይብልን'ዩ። ምስ ደወለ ግና፡ ኣብ እንዳ እገለ ኣለኹ፡ ወይ ኣብ ገዛ ኣለኹ እንተ ኢለዮ፡ ኣብቲ ዘለኽዎ ዘለው ሰብ ባዕሉ ከይረኸቦም ኣይኣምንን'ዩ። ናይ ምሸት፡ ምስኡ እንተ ዘይኮነ ካብ ሰዓት ሸውዓተ ንኔው ከምሲ የብለይን። "ሰበይቲ ገዛኣ ቀልጢፋ ክትኣቱ ኣለዋ፣ ዝረኽባ ኣይፍለጥን'ዩ፡" ይብለኒ።

ኣማኻሪ፤ ብዓልቤትኪ፡ ብዙሕ ጽቡቕ ነገር ከም ዘለዎ ገሊጽክለይ። ማለት ፈታው ስርሑ፡ ፈታዊ ደቁን ሓዳሩን፡ መነባብሮኹም ከኣ ምሉእ'ዩ ኢልክኒ። ከምዚ ትገልጽዮ ዘለኺ ቀልጢፍኪ ገዛኺ እተዊ ምባሉ፡ ንድሕነትክን ንሓዳርኩምን ኣገዳሲ ሓሳብ ኮይኑ ይስምዓኒ፣ ንስኺ ከመይ ትርድእዮ?

ደዋሊት፤ ንሱስ ሓቅኻ፡ እታ ደዊሉ ከረጋግጽ ምድላዩ ግና ክቕይራ ኣይከኣለን።

ኣማኻሪ፤ እዚ ናይ ዘይምትእምማን ምቊጽጻርን ጠባይ ዶ ወይሲ ናይ ሓልዮትን ምክንኻንን ኮይኑ ይስመዓኪ? ብተወሳኺ ህይወት ተዛማዲት ደኣ'ምበር ፍጹምነት ክህልዋ ዝከኣል ኣይኮነንን። ከም ሓበሬታኺ ብዓልቤትኪ ድማ ብዙሕ ጽቡቕ ኣለዎ።

ደዋሊት፤ ንሱ ደኣ ንኣምላኽይ ኣመስግን እንድየ። ኣነ ግና እዛ ጠባዩ ክትልወጠለየ ምደለኹ።

ኣማኻሪ፤ ባህርያቱ ተረዲኦም ከማእዝንዎ ዓቕሚ ኣለዎም ዝበልክዮም ሰባት ሓቢርኪዶ ትፈልጢ?

ደዋሊት፤ ባህርያቱ፡ ኣይኮነን ቤተሰቡን ኣዕርኹቱን መሓዙተይን'ውን ይፈልጠኦ'የን። ሓበሬታ ዘድልዮ ኣይኮነን። ሓንቲ ብዓልቲ ሓዳር መሓዛይን ጓል ገዛውተይን፡ ኣብ ገዛና ክሳዕ ሰዓት ሸሞንተ ዝኸውን ጸኒሓቶ። ንዓኣ'ውን ኣይነሓፉን፡ "ሰይቲ ሰብኣይ ክሳዕ'ዚ ሰዓት ንዕላል ኢላ ከተምሲ ጽቡቕ ኣይኮነን፡" ብምባል ንገዝኣ ክትከይድ ዝሓሸ ምዃኑ ሓቢርዋ።

ኣማኻሪ፤ እሞ ብዓልቤትኪ ክሳብ ክንድ'ዚ ብዛዕባ ምምሳይን ምብጽጻሕን ተሪር መርገጺ ካብ ሃለዎ እንታይ እንተ ገበርኪ ዝሓይሽ ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ ኣነ ድኣ ብዝተኻእለ መጠን ንሱ እንተ'ሎ ንበይነይ ኣይወጽእን'የ። ንሱ እንተ ገይሹ ግና ክበጽሕን ከዕልልን ክኸይድ እደሊ።

ኣማኻሪ፤ ኣበይ ኣለኺ እንተ በለኪኸ፡ እንታይ ኢልኪ ክትምልስሉ?

ደዋሊት፤ ኣብታ ዘለኽዎ እሕብሮ፡ ከታልሎ ዘይከኣል'ዩ። ሓንሳብ ሓንሳብ ድማ ንጓለይ ምሳይ ሒዘያ እኸይድ። ኣብ ዘለናዮ ድማ ንሳ ትሕብሮ።

ኣማኻሪ፤ ዝኸበርኪ ፍዮሪ፡ ንጓልኩም ኣብ መንጎኹም እንተ ዘይቀርቀኩማ ይሓይሽ። ንስኺ ብዝከኣለኪ ክተእምንዮ ጸዓሪ። እስከ ክሓተኪ፡ ከመይ ዝበለ ሓዳር ክህልወኪ ትደሊ?

ደዋሊት፤ ከም ድሌተይ እንተ ዝኸውን ደኣ ዝርደኣለይ!። ከም ሰበይ ኣብ ዝደለኽዎ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ናይ ቤተሰብ፡ መሓዙትን ጐረቤትን ኣብ ዝደለኽዎ ግዜ ከይተሰከፍኩ ክሳተፍ ባህ ምበለኒ?

ኣማኻሪ፤ ምስዚ ክትገልጽለይ ዝጸናሕኪ ብህርያት ብዓልቤትኪ፡ ንኽልተ ዓሰሪ ዓመታት ተጓዒዝኩም፡ ደቅኹም'ውን ኣእኪልኩም ኢኹም። ባህርያት ብዓልቤትኪ ድማ ንስኺ ጥራይ ዘይኮንኪ መቕርብኩም'ውን ይፈልጥዎ'ዮም። ስለዚ ብዓልቤትኪ ባህርያቱ ክልውጥ ካብ ዘይከኣለ፡ ንእኡ ጥርጣረን ውሕስነት ዘይፈጥረሉን ባህርያት ምቊራጽዶ ይሓይሽ ዋላ ባህርያቱ ኢልኪ እናተሻቐለ ክነብር ምሕዳግ? ምኽንያቱ ባህርያቱ ፍሉጥ እንተ ኾይኑ፡ ዘይተሓወሰትና ኢሉ ዝንጽለኪ ዝህሉ ዘሎ ኣይመስለንን።

እዚ ክብል እንከለኹ፡ ከምዚ ዓይነት ባህሪ ዘለዎም ሰባት ብዝተኻእለ መጠን ጥርጣረ ዝፈጥር ባህርያት ክውገድ'ዩ ዝግባእ። ንኣብነት፡ ኣብ ኣከዳድናኺ፡ ኣብ ኣዘራርባኺ፡ ኣብ ትመርጽየን መሓዙትን ትበጽሕዮ ቦታን ንሱ እምነት ዘዕብየሉ መንገድን ልቡ ዝረግኣሉን ሜላ ህይወት እንተ ተኸተልኪ እምነት ንኽዕቢ ሓጋዚ'ዩ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ሓዳር ሓደ ኣካል እምበር ክልተ ስለ ዘይኮንኩም፡ ናብ ትኸድዮ ቦታ ምስኡ ብምርድዳእን ንእኡ ብምሕባርን እንተ ገበርክዮ ምትእምማኑ ከተበርኽሉ ትኽእሊ ኢኺ። ፍቓደኛ እንተ ኾይኑ ኽኣ ናብ ሞያውያን ኣማኸርቲ ቀሪቡ ንጉዳዩ ክዝትየሉ ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ፡ እዚ ባህሪ'ዚ ንእኡ'ውን ሓጋዚ ስለ ዘይኮነ።

ደዋሊት፤ ንሱ ደኣ፡ ሓቅኻ ኢኻ። ሓዳረይ ምኽባርን ምእዛዝን ይሕሸኒ። ዘይ ካብ ክቱር ሓልዮት ዝተላዕለ'ዩ እምበር፡ ዝኾነ ኮይኑ፡ ክልወጥ ዘይክእል እንተ ኾይኑ፡ ረብሓኻ ዘየጕድል እንተ ኾይኑ፡ ተቐቢልካ ምንባርን እምነት ዘዕብየሉ ሜላ ህይወት ምኽታል ይሓይሽ። ኵሉ ዝገብሮ ምንቅስቓሳት ምስኡ ተላዚበ ክተግብሮ፡ ብዓልቤተይ ቅሳነት ዘለዎ ህይወት ዝመርሓሉ መገዲ ክኽተል ክጽዕር'የ። ምስ ኣማኸርቲ ንኽዛራረብ ፍቓደኛ እንተ ኾይኑ'ውን ክሕብሮ'የ። ዝቐበሎ ይግበር። ስለ ተገዲስካ ምስማዕካን ምኽርኻን ኣመስግነካ።

ኣማኻሪ፤ ገንዘብኪ። ሰሰናዩ እምነየልኪ፣ ብሩኽ ምሸት።

# ሽርሒ ‘ሕብራዊ ሰውራ’ እንታይ እዩ?

ሳሙኤል ገብረብርሃን

ኣመሪካ፡ ንዓበላልን ኣስፋፋሕን ፖሊሲኣ ‘ይዕንቅፉ’የም’ ዝበሎም ‘ዘይምእዙዛት መራሕቲ ሃገራት’፡ ብህዝባዊ ናዕቢ ካብ ስልጣን ምግላፍ ስርሓይ ኢላ ካብ እትትሓዛ ውሑድ ኣይገበረትን። ቀንዲ ዕላማኣ ድማ፡ ንሶም ‘ኣይምእምኡንን’የም’ እትብሎም መራሕቲ ሃገራት ብቑይሒ ካርድ ካብ ሜዳ ጸወታ ምብራር’ዩ። እዚ መደብ’ዚ ንምዕዋት ንዓመታት ክትጥቀመሉ ዝጸንሐት ሜላ ክሳብ’ዚ ቀረባ እዋን ሰወር’ዩ ዝነበረ። ድሒሩ ግን፡ መደባ ንምዕዋት ብቐሊዕ’ያ ክትሰርሕ ጀሚራ። ቅሉዕ ምትእትታው ከም ናይ መውዓእታ ኣማሪጺ ብምውሳድ ድማ ‘ዘይብርሁዋ’ መራሕቲ ሃገራት ብጐዚኣ ህዝቦም ካብ ስልጣን ከምዝእለዩ ዝገበር ፕሮጀክት ኣቢጋዕሳ። ‘መራሕቲ ሃገራት ካብ ስልጣን ክትግልፊ፡ መን ስልጣን ሂቢኪ?’ ዝብል ሕቶ ግን




ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተኻየደ ሕብራዊ ሰውራታት

ግምት ኣይሃቡዎን።

እዚ መደብ’ዚ ኣብ ምስላጥ፡ ኣመሪካ፡ “ኣብ መልሓሶም ቃላተይ ዝተወቐርዎ፡ ብጐዚኣ ብርዖም ንረቡሓይ ዝፍርሙ፡ ብምቑትን ሃብትን ዝሸኽሩ ጭምብላታት መራሕቲ ምስናዕ ኣይጸገመንን’የ” ዝብል እምነት ነበራ። ከምዚ እተዘይሪፈጺሙ፡ ዕንቅፋት ከም ዝበዝሓን ኣብ እትብጽሖ ከም ዘይህልዋን ከኣ ኣይሰሓተቶን። ብሓጺሩ፡ ኣብ ቅድሚኣ ኣይትሃንጾ ጎቦ ጸጸር ክገጥማ ከምዝይትፈቅድ’ያ ብግሉጽ ዝኣወጀት።

ኣመሪካ መራሕቲ ሃገራት ናይ ምግላፍ መደብ ንምዕዋት፡ ‘ዝተራቐቐ ስልቲ፡ ብዋዛ ዘይብጻሕ’ ዝበሎቶ ሜላ እያ ሃንዲሳ። ዒላማ ናይ ዝገበረተን ሃገራት ዓንድታት ህድሞ ብደቂ ሃገር ምዕናው’ዩ እቲ ቅዲ። ህድሞ ሃገራቶም ብኸመይ ተሓጺጹ ኣጥዕዮም ‘ይፈልጡ’የም’ ዝበሎ ደቂ ሃገር ድማ እዮም መጋበርያኣ። እንተኸኣሉ፡ ነቦይ እዚ ከይተረፈ ንምድንጋር ተዓጢቓ’ያ። ልሳና ካብ




ኣብ 2014 ኣብ ዩክሬን ዝተኻየደ ‘ኦራንሾ ሰውራ’

ቃላቱ ንላዕሊ ምዑዝ እናተዛረበት፡ ኣጉዳሲ እንተኾይኑ’ውን ንኡኡ ተመሲላ ርኽሰት ካብ ምስባኽ ድሕር ከምዘይትብል’ዩ ዘምስል እቲ ኣካይዳ። ኣሎ ዝበሃል መምቁሩ ዕላል መውጽኢ ኣፋ’ዩ። ረኹቡ’ሉ ‘ህ..ህ’ ሃንዘበለ ከኣ ዕረ ተኹልሶ። ኣሚን ንዝበለ’ውን ዝኸፍአ ዕረ ምኹላሱ’ዩ እቲ ስልቲ። ንሕሰያ ዝበሃል የለን። ረብሓ’ዩ ዘገድሶ ኣመሪካ።

ኣመሪካ፡ ብኸመይ መገዲ’ያ እዚ ሓሳብ’ዚ ኣብ ግብሪ እተውዕሎ? ዝብል ሕቶ ህሩግ ክብለና ንብር’ዩ። ፈለማ፡ ኣቢታ ዒላማ ዝኾነት ሃገር ‘ምርጫ’ ዝበልዎ መኣዲ ከምዝትከል’ያ እትገብር። እዚ መኣዲ’ዚ፡ ካብ ንዓኣ ብጢያዳ ንሶም ደቂ ሃገር ከምዝጽግዑም ማሰሉ’ዩ ዝቐረብ። እቲ ዝቶደድ ምርጫ ብትሕዝቶኡን መልክዑን ንምዕራብ ዝውክል፡ ስርዓቱን ኣገባቡን’ውን ኣመሪካዊ ባህሊ ከምዝንጸባርቕ ኩይኑ’ዩ ዝህንደስ። መራሒ ሃገር ካብ ስልጣን ንምግላፍ ኣብ እትውጥኖ መደብ፡ እዚ መኣዲ’ዚ ግርም መጻወቲ ሜዳኣ እዩ። ኣብ ዙርያ እዚ መኣዲ’ዚ፡ ዝያዳ ብጹቶም ዝኹለሱ፡ ብዕጽፍጻፍ ሕልፌ ከኣ ንኣመሪካ ዝኹለሱ፡ ሰዮማት ዝመስሉ ዓያሹ ሰብ መኣዲ ምምልማል መሰረታዊ’ዩ። ደቂ ሃገር ዝናቐትሉ፡ ኣመሪካ ትቕለትሉ መኣዲ-ምርጫ ምትካል’ዩ እቲ ‘ቀም-ሃገር’ ዝብልዎ።

ሜላ ገረብ ብሓኸላ’ዩ እትጥቀመሉ ኣገባቡ። ኣብ ዓለም ዘዙተብራሃ ምእንቲ ክትገብር፡ ‘ዘይብሩሀዋ’ መራሕቲ፡ ብጐዚኣ መቐርሶም እናተብረሀም ክቆራረሱ ክትርእዩ’ዩ ዝብርሃ። ንስራሕ ዓንቃፊ እትብሎ ናይ ሓጺን መጋረጃ (Iron Curtain) ፍጹም ኣምኪኻቶ፡ ኣብ መረበት ዓዲ ሃገር ከም ብተይ ክትዕንድሮ’ዩ እቲ ውጥን። ብሓጺሩ፡ ሓደን ንጹርን’ዩ ዕላማኣ። ምስ ረብሓኣን ፖሊሲኣን ዝጻረር ብሩዝ መርገጺ ዝለዎም መራሕቲ፡ ብህዝባዊ ናዕቢ ኣብልካ ብኡኣ ብዘምሰጡን ብዘምልኹዋን ኩራኹር መራሕቲ ምትካእ’ዩ።

እዚ መራሕቲ ናይ ምእላይ ፕሮጀክት፡ ብቐሊሉ ሰቡት ክምስጥን ከሰድፅን ምእንቲ፡ ሓደ መሳጢ ስም እዩ ተዋሂቡዎ። እንታይ ስሙ? ከም እትብሉ ፍሉጥ’ዩ። ሕብርታት ኣብ ኣእምሮ ደቂሰብ ዝፈጥርዎ ፍሉይ ስምዒት መቸም ዝሰሓት ኣይኮነን። ብሕብርታት’ዩ እቲ ጸወታ። ናብቲ ዝሀንደስ ናዕቢ፡ ዝፈልጥን ዘይፈልጥን፡ ዝተረደኡን ዘይተረደኡን ብዘውሪ ክሕወስ ምእንቲ፡ ሕብርታት’የም ቀንዲ ኣጸዋሪታ። ሓይሊ ሕብሪ ኣብ ግምት ዘእተወ፡ እዚ መራሕቲ ናይ ምግላፍ ወፍሪ ከኣ ‘ሕብራዊ ሰውራ’ ኢላ ሰየመቶ-’Colour Revolution’ ።

ምናልባት ሕብራዊ ሰውራ ሓድሽ ዝመስለና ኣይንሰኣንን ንኸውን። ንኣሰራራሓን ዕላማን እቲ መደብ እንተ ኣስተዊዒልናሉ ግን ሓድሽ ከም ዘይኮነ ኢና እንገንዝቦ። ኣመሪካ ኩሉ ግዜ ሓደ’ዩ ዕላማኣ። እቲ ናብ ዕላማኣ ንምብጻሕ እትኸተሎ ሜላ ጥራይ’ዩ ዝቕያየር። ‘ኣንጭዋ ንምቕታል ኩሉ ግዜ ተመሳሳሊ ብልሓት ኣይትጥቀምን ኢኻ’ ዝዓይነቱ’ዩ እቲ ጉዳይ። ሕብራዊ ሰውራ’ውን ነቲ ሓደን ዘይቅየርን ዕላማኣ እትበጽሓሉ ሓድሽ ቅዲ ጥራይ’ዩ።

ሕብራዊ ሰውራ ንምዕዋት ብኣመሪካ ዝስላዕ ባጀት፡ መደንገጺው’ዩ። ትትዓወት ጥራሕ’ምበር፡ ዓይንኻ ልብኻ ዝደፍን ኣማኢት ሚልዮናት ዶላር ክትቅርብ ድሕር የለን። ሃሚን ቀልቢን ቡታቲኦ፡ እምነትን ታሪኽን ሰቡት ናብ ጓሓፍ ዘድርቢ እልቢ ግንዖ እቲ ቀንዲ መሳርሒኣ’ዩ። መዓስ እዚ ጥራይ፡ ንሶም ኣብቲ ናዕቢ ዝሕወሱ ብዙሓት፡ መጠን ብዝሒም ብዙሕ ኣይትሓመለሎምን’ያ። ምኽንያቱ፡ ንሶም በቲ ሰንካቲኡ ዘይፈልጥዎ ቅሚ ጥራይ’የም ዝግደሱ። ድሓር ከኣ ሓርፎም ሓደት’ዩ። ኣብ መራሕቲ’ቲ ናዕቢ’ዩ ዝያዳ ኣደህቦኣ። ብፍላይ ምስ መንግስቶም ተፃሪዮም ከናፍሮም ጀል ዝበሉ፡ ካብ እንዳ ሰይጣን’ያ ተናደዮም። ስልጣን ጥራይ ክሓልሙ ስልጣንያ ዝሰኣኑ፡ ንሶም ካብ ወገኖም ሓክሎም ፈዳይ ሕነ ወገን ዘናድዩ ደልያ ደላልያ’ያ እትእክቦም። ነገሩ ንገሩ ከኡ ‘ደሞክራሲ’ ዝብል ታርጋ ትልጥፈሎም። ሕብራዊ ሰውራ ንምዕዋት ንኡዮም’የም ሓገዛታ።

ንፕሮጀክት ሕብራዊ ሰውራ ተባሂሉ ‘National Endowment for Democracy’ (ናሽናል ኢንዶውመንት ፎር ደሞክራሲ) ዝተባህለ ሓደ ዝተማስረተ ትካል ኣሎ። ናዕቢ ዘሳውሩን መንግስቶም ዘወሩን ሓወሲ ‘ጋዜጠኛታት’ ምስልጣን’ዩ ቀንዲ ስራሕ ናይ’ዚ ትካል። ብቐንጣሮ ሞቆሽሽ ተመዛሮን መንእሰያትን ናብ ናዕቢ ከም ዝሕወሱ ዝጉበር ስነር ስብከታት ምኪያድ’ውን ካልእ ዝጥቀስ ዕማም ናይዚ ትካል’ዩ። እዚ ትካል’ዚ ኣማኢት ሚልዮናት ዶላር’ዩ ዝስልዓሉ። ንሶም ኣለዓዒልትን ኣብ ማእከት ከምፒዩተራት ተሸጒጦም ዘሳውሩ፡ ፍሉይ ግንያታት ደስላዓሎም። ንኣብነት ኣብ 2004፡ ሰውራ ብርቱኳን (Orange Revolution) ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ህዝባው ናዕቢ፡ ተቓወምቲ ዩክሬናውያን ክሳብ 65 ሚልዮን ዶላር በዚ ትካል’ዚ ከም ዝተሰላዓሎም ይፍለጥ። ኣብ ማስከረም 2022፡ መንግስቲ ኢራን ንምፍራስ ህዝባዊ ናዕቢ ተወዲቡ ነይሩ። እዚ ህዝባዊ ናዕቢ’ዚ ኣብ ምውላዕን ምንህሃርን ልዑል እጃም ዝነበሮ ማሲህ ዓሊነጃድ ዝተባህለ ፍሉጥ ጋዜጠኛ ካብዚ ናይ ‘ደሞክራሲ’ ትካል 628,000 ዶላር ከምዝተቐበለ ይንገር። ንቴክኖሎጂ ኢንተርነት፡ ህዝቢ በቲ ሕማቕ ሸነኹ ጥራይ ክጥቀመሉ ብገዝኡብ ዝተዓሰቡ ደቂ ሃገር ይቖጻር። እዚኦቶም ኩሎም፡ ኣብ ሞንጎ ህዝቦም ምትፍናን ከም ዝፈጥሩ ኩይናም’የም በዚ ‘National Endowment for Democracy’ ዝሰርሑ። እምነትን ብሄርን እናልዓሉ ሰጥሙ ወገኖም ከፍርሱ ከኣ ግርም’የም ዝሰልጥኑ። ልዕሊ ኩሉ፡ እቲ ትካል፡ ዝኸፈለ ከፊሉ መራሕቲ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ዝተሃንደሰ ፕሮጀክት ሕብራዊ ሰውራ ዓቢ እጃም ከምዝህልዎም’ውን ይገብር።

ንኣንፍና፡ ብዛዕባ’ዚ ‘National Endowment for Democracy’ ተባሂሉ ዝፍለጥ ትካል ውሑድ ክንጠቅስ። እዚ ትካል’ዚ፡ ከም ጸዕዳ ጓንቲ (white gloves) ናይ መንግስቲ ኣመሪካ ኮይኑ ከም ዝሰርሕ’ዩ ዝነገር። ብስም ደሞክራሲ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ካልኦት ሃገራት ጣልቃ ብምእታው ምልዕዓል፡ ምክፍፋልን ካልእ ኣዕናዊ ተግባራትን ንምፍጻም’ዩ ዝወፍር። ንስቱር ዕማማት ማእከላይ ወከልቲ ስለያ ኣመሪካ (CIA) ዘተግብር ትካል ድማ’ዩ። ብሓልዮት መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ 1983 ዝተማስረተን ብመንግስቲ ኣመሪካ ዝምወልን ምዃኑ’ውን ይንገር። ፕሮግራማቱን መደባቱን ብመምርሒ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢን ኤምባሲታትን ኣመሪካ’ዩ ዝኸይድ። ዘይመንግስታዊ ትካል ዝምስሎ ታርጋ ተለጢፋሉ ድማ’ዩ ‘ደሞክራሲ’ ክሰብኽ ፈቓዶኡ ዝኸይድ።




ኣብ 2009 ኣብ ኢራን ዝተገብረ ‘ቀጠልያ ሰውራ’

# ንቕሓ ደበና

ሄለን መኸታ

## ትኳፈር ኣይትኳፈር ጤል'ያ!

### ጌጋና ክንቅበል ስለምንታይ ይኸብደና?

'ጌጋ ንቡር እዩ።'

'ጌጋ መናብርትና እዩ።'

'ፍጹም ሰብ ዘበሃል የለን።'...

ጌጋ ብምፍጻምና ሕማቕ ከይሰመዓናን ከይንሓዝንን፡ ዘደዓዕሱ ብርክት ዝበሉ ብሂላት'ዩም ዘለዉና። ኣብ ውልቃዊ ዕቤትን ዓወትን ዘጽንዑ ተመራመርቲ'ውን፡ ጌጋ ምፍጻም ንቡር ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዕቤትን ትምህርትን ኣገዳሲ ምዃኑ'ዩም ዝገልጹ። ኣብ ሓቂ መጺእና ግን ከም ጌጋ ምፍጻም ገይሩ ዘፍርሓና ኵነት የለን። ካብ ቈልዕነትና ጀሚርና፡ 'ተጋጊኻ' ትብል ቃልን ብቐይሕ ቢሮ ገይሩ ዝሕንጠጥ ናይ ኤክስ ምልክትን፡ ኣዚና ኢና ንጸልእ። ኩሉ ሰብ ነቲ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ብሂላት ይኣምነሉ እዩ። ንነብር ክሳብ ዘለና ጌጋ ክንፍጽም ምዃንና ንፈልጥ ኢና። እንተኾነ ዝበዛሕና ኣብ ስራሓትና ጌጋ ከይርከበና ብፍርሕን ሸቑረራን ንዓቢ፣ ጌጋ ምስ ፈጸምና ንኽሕዶ ወይ ንኻልእ ከነላግበሉ ንረአ። ኣዝዮም ውሑዳት ሰባት ጥራይ'ዮም ጌጋ ምስ ፈጸሙ፡ ጌጋኦም ብምእማን ሓላፍነት ዝወስዱ። ዝኾነ ሰብ ጠምየ፡ በሊዐ፡ ተጸሊኡኒ፡ ተዓዊተ... ክብል ኣየጸግሞን እዩ። 'ተጋግየ' ክንብል ግን ዓቕብ ትኾኖ። እሞ ጌጋ ምፍጻም ንቡር ድዩ? ንቡር እንተ ኾይኑ ደኣ፡ ጌጋና ክንቕበል ንምንታይ'ዩ ዝኸብደና?

### ጌጋ ዝበሃል ግን እንታይ እዩ?

ፈለማ ልቢ ምስ ቈጸርና ንላለዮ ጌጋታት፡ ብወለድናን ካልኦት ብዕድመ ዓበይቲ ዝኾኑ ኣባላት ሕብረተሰብናን ዝንገረና እዩ። 'ንዓቢ ምድፋር ጌጋ'ዩ፡' 'ኣብ ቅድሚኻ'ዩ ዝብላዕ፡' 'ንኻልእ ቈልዓ ምህራም ጌጋ'ዩ፡' 'ምሕሳው ነውሪ'ዩ፡' ... ዝብሉ፡ ዝበዝሑ ምስ ሞራልን ስነ-ምግባርን ዝተሓሓዙ እዮም። ቈልዑ፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ተጻረርቲ መምርሒታት ስለዝወሃቡ ድንግርግር ይብሎም'ዩ። 'ምሳኻ ዝጻወት ቈልዓ ኣይህረምን'ዩ፣ ጌጋ እዩ፡' ክንብሎም ጸኒሕና፡ ብኻልእ ቈልዓ ተሃሪሙ ምስ መጽኣና ግን ብሕርቃን 'ዘይተላህሞ ዝነበርካ' ኢልና ኣንጻር መምርሒና ንኸይድ ኢና። እዚ፡ 'ፍጹም ሰብ የለን ንሕና'ውን ንጋገ ኢና' ኢልና ክንሓልፎ።

ጒድኒ ጒድኒ ሞራላዊ ዘይቅቡላት ንጥፈታት፡ ንድሕነትናን ድሕነት ኣከባቢናን ኣብ ሓደጋ ዘእትዉ ንጥፈታት'ውን 'ጌጋ እዮም' ብምባል ንመሃሮም። ሓዊ፡ ውዑይ ነገርን ኤለትሪክን ምሓዝ፡ ኣብ ቀላይ ምሕንባስ፡ ኣብ ጽርግያ ምጽዋት፡ ፍዮሪ ምቕንጣብን ካልእን ጌጋ ምዃኖም ብምንጋር ከነወግዶም ከም ዘለና ንምክር። ቈልዑ ነዚ ምስ ድሕነት ዝተሓሓዘ ሕግታት፡ ሳዕቤኑ ሸዑ



ንሸዑ ስለዘርእዩ፡ ንኽርድእዎም ኣይጽገሙን እዮም። እቲ ሞራላዊ ሕግታት ግን ልዑል ብልሕን ልቦናን ስለዝሓትት፡ ንኽርድእዎ ግዜ ክወስዱ ይኽእሉ።

ናይ ትምህርቲ ዕድሚና ኣኺሉ ናብ ቤት ትምህርቲ ክንመላለስ ምስ ጀመርና፡ እቶም ኣብ ቤትናን ከባቢናን ዝተመሃርናዮም ሕግታት ኣብ ቦትኦም እንከለዉ፡ ብመለክዒ ኣካዳሚ ጌጋን ቅኑዕን ብዝብል ሚዛን ክንዕቀን ንጅምር። ንሰብኣውነት፡ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ዘእተወ 'ስርዓተ-ሕጊ' ኸኣ ብዓቢኡ ጌጋን ቅኑዕን ብምባል ሓላፍነት ንጥፈታትና ከም ንስኽም ይገብር እዩ። ወለዲ፡ ከባቢ፡ ቤት ትምህርቲ፡ ስርዓተ-ሕግን ካልኦት ኣካላትን ብመንጽር ዘለዎም ሕግታትን ኣካይዳን ጌጋን ቅኑዕን ዝብል ፍልልያት ኣቐሚጦም ይርከቡ። እዞም ኣካላት ዘቐመጥዎ ቅድመ-ኹነትን ሕግን ምስ ንጥሕስ፡ 'ጌጋ ፈጺምኩም' ተባሂሉ ሓላፍነት ከም ንስከም ይግበር። ናይዞም ኣካላት ሕጊ፡ ዝበዝሐ፡ ተመላላኢ'ዩ ክንብል ንኽእል፣ ሓደ ኣገባብ 'ኣተኣራርማ ጌጋ' ኣለዎ ግን ክበሃል ኣይከኣልን።

ጌጋ፡ ሕግታት ናይዞም ዝተዘርዘሩ ኣካላት ካብ ምጥሓስ ዝስዕብ ውጽኢት እዩ። ንምንታይ ሕጊ ንጥሕስ? እንተ ኢልና ግን ብዙሕ ምኽንያት ክህልዎ ይኽእል። ኣፍልጦ ዘይምህላው፡ ግቡእ መረዳእታ ዘይምህላው፡ ዕድመ፡ ጥዕና ምስኣን፡ ማሕበረ-ቊጠባዊ ቅልውላው...። ገሊኡ ጌጋታት ኣፍልጦ ብምዕባይ ክውገድ ዝኽእል'ዩ። ሰቲኻ መኪና ምምራሕ፡ ኣፍልጦ ብምዕባይ ብቐሊሉ ክውገድ ዝኽእል ጌጋ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ሕሳብ ገንዘብ ምግጋይ ከተወግድ ምፍታን ግን ዝለዓለ ምልከትን ብቕዓትን ይሓትት። ካብ ቊጽጽርና ወጻኢ ዝኾኑ ኵነታት'ውን ንኽንጋገ ጠንቂ ይኾኑ እዮም።

ሓደ፤ ኣብ መንነ ሓሳብን ትግባረን ጋግ ምስ ዝጸንሕ፡ ካብ ወረቐት ናብ ትግባረ ኣብ እንሰጋገረሉ ግዜ፡ ጌጋ ክንፍጽም ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ብሓሳብ እንገብሮ ውጥናት፡ እንተስ ካብ ዋሕዲ መጽናዕቲ እንተስ ካብ ግምትና ወጻኢ ሓደሽቲ ለውጥታት ምኽሳቱ፡ ኣብ ባይታ ዘይሰገሩ ብድሆታት ይጸንሑና እሞ ውጥንና ክፈሽል ይኽእል።

ክልተ፤ ኣብ መጻኢ ከጓንፍ ዝኽእል ነገር ክንፈልጥ ካብ ዘይምኽኣል ዝስዕብ ጌጋ እዩ። ኣብ ዓመተ 2020 ዘጓነፈ ዓለም-ለኻዊ ክሳራታትን ዕንወትን ብሰንኪ እቲ ዘጋጠመ ዘይተጸበናዮ ተላባዒ ሕማም ቫይረስ ኮረና እዩ ነይሩ። ሰብ፡ ብዘለዎ ብልሒ ኣእምሮ ተጠቒሙ ብዛዕባ መጻኢኡ ክሓስብን ክውጥንን ይኽእል እዩ። መጻኢኡ ክፈልጥ ግን ኣይክእልን። ስለዚ'ዩ ኸኣ ወለድና፡ 'ዘውዓለ ከውዕለና እዩ' ዝብሉ።

### ጌጋና ንኸይንቕበል ዝጸልዉ ረቛሒታት

#### ትጽቢት ሕብረተሰብ

ኩሉ ሰብ ብኣፉ 'ሰብ ፍጹም ኣይኮነን፡' 'ጌጋ ንቡር እንድዩ፡ ካብ ጌጋኻ ጥራይ ተመሃር፡' ይብል። ብልቡ ግን 'እንታይ ወሪድዎ'ታ እቲ እከለ፡ ዓይኑ እናረኣየ ነዚ ዝገብር ወደይ፡' 'ገ እናበሉኻ ዶ ትጋገ፡' 'እምበርዶ ምስ ውኖኡ'ዩ ነይሩ፡' እናበለ ኸኣ ሓመድ ይገብረካ። ኣብ ቅድሚኻ፡ ጌጋ ብምፍጻምካ ብዙሕ ክትጕሂ ከም ዘይብልካን መምሃሪ ከም ዝኾነን ክሰብኩ ጸኒሖም፡ ሕቘኻ ህብ ምስ ኣበልካዮም ብሕሜት ኣትብላዕ ኣይትስተ ዝገብሩ ኸኣ ኣለዉ። ጌጋና ንኸይንቕበል ሓያል ጽልዋ ካብ ዘለዎም ሓደ፡ ሕብረተሰብ እዩ። ሕብረተሰብ ብዛዕባ ጌጋን ቅኑዕን ዘለዎ ኣተሓሳስባን እምነትን ከልምዕን ከጥፍእን ይኽእል። ብኣፉ መዓር እናተዛረበ ንዝተጋገየ ኣካሉ ግን ከም ጓና ዘቐጽዕን ዝንጽልን ሕብረተሰብ ምስ ዝኸውን፡ ክልተ ሳዕቤን ከኸትል ይኽእል። ቀዳማይ፡ ጌጋ ንኸይፍጽም ኣዝዩ ስኩፍን ፈራሕን ኣባል ከም ዝህልዎ ይገብር። እቲ ኻልኣይ ከኣ ጌጋ ምስ ተፈጸመ ጌግኡ ዘይቅበልን ካብ ጌግኡ ዘይመሃርን ኣባል ይኾስኩስ። ብልሳንና፡ 'ሰብ ፍጹም ኣይኮነን' እናበልና፡ ብተግባር ግን ደቅና፡ ሰራሕተኛና፡ ወለድና፡ መምህራንና፡ ሓለፍትናን ካልኦትን ፍጹማት ክኾኑ ምጽባይ፡ ነቲ እንብሎ ዘይንኣምኖ ምዃንና ዘርኢ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ንብሎ ክሳብ ዘይነበርናዮ፡ ኣብ ጌጋ ዘለና መረዳእታ ክዓብን ካብ ጌጋና ብምምሃር ዝሓሸና ሰባት ክንከውንን ኣይከነፍቅድን ኢና።

#### ስርዓተ-ትምህርቲ

'ሕማቕ ተመሃራይ ዝበሃል የለን፡' 'ንኹሉ ተመሃራይ ማዕረ ብቕዓት ሓንጐል'ዩ ዘለዎ፡' እናተባህለ ክዝረብ ንሰምዕ ኢና። ኣብ መርመራ፡ ብዙሕ ጌጋ ንዝረኸበ ተመሃራይ፡ ዘመዝገቦ ድኹም ውጽኢቱ ከይኣኽሎ መምህሩን ወለዱን ክጸልእዎ ኸኣ ንርኢ። ከይተጋገየ ክመሃር ዝኽእል ተመሃራይ ከም ዘየለ እናፈለጥና፡ ንተመሃሮና ጌጋ ኣልቦ ኮይኖም ክዓብዩ ምጽባይ ዘይጭበጥ ትጽቢት እዩ። እዚ ዘይክውንነታዊ ትጽቢት፡ ተመሃሮ ኣቓልብኦም ፍልጠት ኣብ ምቕሳም ኣብ ክንዲ ዝኸውን፡ ጌጋ ኣብ ምውጋድን ነጥቢ ምእካብን ኣድህቦኦም ይስረቕ። ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ከኣ ኣሉታዊ ጽልዋ ክስዕብ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ጌጋ ኣብ ዝፍጽሙሉ ግዜ ዘይተደለየ ጸቕጢ ክስምዖምን ካብ መቕጻዕቲ ንምህዳም ዘይምስጉናት ባህርያት (ጌጋ ምሕባእን ምሕሳውን) ከማዕብሉን ይዕድም። ኣካዳምያዊ ገምጋም ንኣካዳምያዊ ንጥፈት ካብ ምግምጋም ሓሊፉ፡ ንእንታይነት ተመሃሮና መገምገሚ ምስ እንጥቀመሉ፡ ኣብ መንነት ተመሃሮና ሃሰያ ክንፈጥር ንኽእል። ኣካዳምያዊ ውጽኢት ምስ ካልእ መዳያት ህይወት ምትእስሳር የብሉን ማለት ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ቀዲምና 'ስርዓተ-ትምህርትና ኣብ ካልእ መዳያት ህይወት ተመሃሮ ጽልዋ ክፈጥር፡ ከም ዕላማ ሒዝና ንጥፈት ፈሊናሉ ዲና?' ኢልና ምሕታት የገድስ።

#### ሕሉፍ ተመኩሮ

ዕንጸይቲ ትቑርጽ ማሽን ሒዝና ከለና፡ ብዝፈጸምናዮ ንእሽተይ ጌጋ ኢድና ምስ እንቑረጽ፡ ዝፈጸምናዮ ጌጋ ሳዕቤኑ ዓቢ ብምዃኑ ዝተበገሰ፡ ነታ ማሽን እናኸንርኢ እንርዕድ ክንገብረና ይኽእል። ሕሉፍ ተመኩሮና ዘሰከሖ ሳዕቤን ምስ ዘኸትለልና፡ 'ጌጋ ንቡር'ዩ' ኢልና ክንሓስብ ኣይንኽእልን። ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ደጊምና ንኸይንጋገ ዘይተደልየ ፍርሒ ይስመዓና። ሕሉፍ ተመኩሮና፡ ኣብ ጌጋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ስራሕ፡ ዝምድና፡ ብዓቢኡ ኣብ ህይወት ዘለና ኣረኣእያ ከይተረፈ፡ ርድኢትና ክንቅይርን ተሰፋ ክንቈርጽን ክገብር ይኽእል። ኣብ መልቀቒ ፈተና ማትሪክ ዝተረፈት ተመሃሪት፡ ዳግማይ ኣብ ትፍተነሉ ግዜ፡ ምስ ተመኩሮኣ፡ ዝሓሸ ናይ ምሕላፍ ዕድል ኣለዋ። ኣብ ፈተና ዝነበረ ሕቶታት ደጊማ መኣረምታ ብምግባር፡ ተወሳኺ ፍልጠት ክትድልብ ትኽእል። ኣብ ግዜ ፈተና ዘጓንፍ ጸቕጢ ትፈልጦ እያ። ትሕዝቶ ሕቶታት ቀዲማ ስለእትፈልጦ፡ ዝሓሸ ምድላዋት ክትገብር ትኽእልን ተመኩሮኣ ካልእ ብልጫታት ክቕርበላ ይኽእልን። እንተኾነ፡ ኣብ ዝሓለፈ ማትሪክ ዝገበረቶ ጌጋ፡ ምስ ዘይትመሃረሉን 'ንቡር እዩ' ኢላ ምስ ዘይትሓስብን፡ ካልኣይ ፈተና ኣብ ትወስደሉ ግዜ ኣዕናዊ ጽልዋ ክገብር ይኽእል። ሓንሳእ ምስ እንጋገ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ንጥፈት ዳግማይ ጌጋ ክንፍጽም ዝተሓተ ዕድል'ዩ ዘሎ። ምኽንያቱ፡ ኣእምሮና ጌጋ ምስ ፈጸምና ዘወስዶ ትምህርቲ ስለዘለዎ፡ ዳግማይ ተመሳሳሊ ንጥፈት ምስ እንዓይይ ካብ ሕሉፍ ክንመሃር የዘክረና እዩ። እዚ ግን ኣብቲ ዝተፈጸመ ጌጋ እወታዊ መረዳእታ ምስ ዝህለወና ጥራይ ኢና ክንመሓየሽ ንኽእል። ኣብ ሕሉፍና ዝገበርናዮ ጌጋ ምስ ዘሰክሓና፡ ተመሳሳሊ ኣጋጣሚ ደጊሙ ምስ ዘጋጥም፡ ኣእምሮና ካብ ፍርሒ ዝተበገሰ፡ ከነወግዶ'ዩ ዝግድደና። በዚ ምኽንያት እዩ ኸኣ መኪና እናዘወሩ ሓደጋ ዘጋጠሞም ሰባት፡ ነቲ ጌጋ 'ንቡር'ዩ፡' ወይ 'ሓደጋ ወዝቢ'ዩ፡' ኢሎም ምስ ዘይሓስቡ ዳግማይ መኪና ንኸይመርሑ ዘውስኑ።

ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ጌጋ ክንፍጽም ንቡር እዩ። ኣሕዋትና፡ ደቅና፡ መሳርሕትናን ሓለፍትናን እውን ሰብ ክሳብ ዝኾኑ፡ ጌጋ ክፍጽሙ ንቡር እዩ። ዝበዝሐ ኣብ ንጥፈት ዝርከብ ሰብ፡ ዝበዝሐ ክጋገ ይኽእል። ጌጋኻ ዘይምቕባልን ካብ ጌጋኻ ዘይምምሃርን ግን መስርሕ ዕበየት ስለዝገትእ ክንቃለሶ ዘለና ኣሉታዊ ልምዲ እዩ። ብውልቅና፡ ትሕትና፡ ንኽንመሃር ክፉእት ኣእምሮ፡ ሓላፍነት ምውሳድን ብቕዓትና ንምምሓያሽ ምጽዓርን ምስ እነዕቢ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ጌጋ ከነውሕድ ንኽእል። ብደረጃ ትካል ከኣ ተመኩሮ ክንለዋወጥ ባይታ ዝኸፍት ስርዓተ-ገምጋም፡ ድልዱል ስርዓተ-ሰነዳን ምሕደራ ፍልጠትን ምስ ዝዓቢ፡ ጌጋ ከነውሕድ ንኽእል። መጀመርያ ግን 'ጌጋ ምፍጻም' ኣገዳሲ ረቛሒ ትምህርትን ዕቤትን ከም ዝኾነ ኣሚንና ሓድሽ ሓሳባት ንምፍታንን ምግጋይን ዘይጸባእ ክፉት ኣእምሮን ምቹእ ባይታን ምህናጽ የድሊ።

ሪፖርታዥ

# ዝኽሪ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ

## “መሰል ንመግቢ፡ ንዝሓሸ ህይወትን መጻእን”

ዮርዳኖስ ጸጋይ

ብ16 ማስከረም ዝጸንሐ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢን ብ17 ማስከረም ዝጸንሐ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን፡ ብሓባር ኣብ ሆቴል ማይ



ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ

ኣፍሓ ብድሙቕ ምድላዋት ተዘኪረን። ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ “መሰል ንመግቢ፡ ንዝሓሸ ህይወትን መጻእን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክትዝከር ከሎ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነት ድማ፡ “ብቑዕ ሽቕለት፡ ሓቛፊ ዕብየትን ምውጋድ ድኽነትን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ተባዒለን። እዘን በዓላት፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ፕሮግራም



ሚኒስተር መሓመድ ኣው ዳህር

ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ውድብ መግዛብን ሕርሻን እየን ተኻዒደን። ኣቦ ዓመታዊ ጸንብል፡ ሚኒስተራት፡ ኣምባሳደራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ዲፕሎማሲያዊ ኣካላትን ኣባላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ሰራሕተኛታት ሚኒስትሪ ሕርሻን ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣቦ ኣጋጣሚ ቃል ዝሰመዐ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ እዩ። ሚኒስተር ኣረፋይነ፡ ምርግጋጽ ውሑስን መኣዛውን መግቢ፡ ዝኣኽል መግቢ ምርካብ ጥራይ ዘይኮነ፡ እተብልዖ መግቢ ሃሰያ ከውርድ ከይምዘይብሉ ዘመልክት ምዃኑ ገሊጹ። ንሱ ኣስዒቡ፡ ውሑስ ዘይኮነ መግቢ፡ መግቢ ከይዘይኮነ ብምዝኽኻር፡ ዝተበከለ መግቢ ምምጋብ፡ ጥዕናዊ ጸገም ዘስዕብ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ጉድኣት ታህዋሲያንን ከሚካላትን ናጻ ዝኾነ መግቢ ንምምጋብ፡ ብቑዕ መቆጻጸሪ ስርዓት ክህልው ኣገዳሲ ምዃኑ ሓቢሩ።

መግቢ ደድሕሪ ኣየርን ማይን ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝርከብ መሰረታዊ ጠለብ ወዲ-ሰብ እዩ። መግቢ ክንጸ እቲ ዝበልዕ ምዃኑ፡ መኣዛዊ ምጡን ዋጋ ንኽሱ ተባሂሉ፡ ውሑስን ቀጻልነትን ዘለዎ ክኸውን ድማ ይግባእ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ከኣ ነዚ ዝተጠቕሰ ነጥብታት ዘማልእ መግቢ ንምቕራብ፡ ቀጻሊ ጻዕርታት ኣብ ምክያድ ይርከብ ኣሎ።

መኣዛዊ መግቢ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ባእታታት ምርግጋጽ ውሑስ ጥዕና እዩ። ንኣካላት ብዋዕእ ክሰርሕ ዘድልዩ መኣዛታት ምምጋብ ድማ ኣገዳሲ እዩ። ጉድለት ብቑዕ መኣዛ ግና፡ ከም ዓጸቦ፡ ክረሻን ሕዱር ሕማማትን ዘኣመሰሉ ማእለያ ዘይብሎም ሕማማት ዘስዕብ ምዃኑ ኣይሰሓትን።

ንዘተሓላለኽን ዘተኣሳሰረን ዓለማዊ ስርዓት መግቢ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ ንኽረጋገጽ ዝሕግዙ ሃገራት፡ ብናይ ሓባር ቅልጽም ምምካት ከም ዘድልዮ ዝገለጸ ኣቶ ኣረፋይነ፡ ነዚ ንምትግባር ከኣ ምትሕብባር ናይ መንግስቲ፡ ሓረስቶት፡ ሰብ ፍልጠታውያንን ተጠቀምቲ ኣካላትን ከም ዘድሊ ኣዘኻኺሩ። ብዘውሳኺ፡ ቀጻልነት፡ ብዙሕነት፡ ምዕቃብ ባህርያዊ ጸጋታትን ምጉዳል ብኽነት መግብን ዝዘውትሩ ሕርሻዊ ኣገባብት ቀዳምነት ምሃብ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ኣብዚ እዋንዚ፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሓረስቶት፡ ከርሲ ናይ መላእ ህዝቢ ዓለም ንምምላእ ኣኺሉ ዝተርፍ መጠን መግቢ ከፍርዩ ዓቕሚ ኣለዎም። እንተኾነ፡ ኣስታት 733 ሚልዮን ካብ ህዝቢ ዓለምና ብሰንኪ ግጭታት፡ ክሊማዊ ዋዒን ዘይምዕሩይነት ቁጠባን፡ ብጥምየት ተሳቕዩ ይርከብ። ልዕሊ 2.8 ቢልዮን ህዝቢ ከኣ ብሰንኪ ትሑት ገዝኣዊ ዓቕሚ፡ ጥዕና ዝሁብ ኣመጋግባ ክዘውትር ኣይክእልን ዘሎ።

ዘላቕነት ዘይብሉ ሕርሻዊ ኣካይዳ ጠንቂ ምንቅልቃል ህይወታዊ ብዙሕነት ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣማራጺታት ከይህሉ ዝገብር እዩ። ኣብዚ እዋንዚ፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ንመግቢ ዝበልዑ ኣትክልቲ፡ እንስሳታትን ዓሳታትን ብዘዓጻጽፍ ኣንቆልቁሉ ይርከብ። ህይወታዊ ብዙሕነት ብመንጽር ውጽኢታውነት መግዛብን ሕርሻን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ዝገለጹ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ቃል ዝሰመዐ ግዜያዊ ወኪል ውድብ መግዛብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ፡ ሚኒስተር መሓመድ ኣው-ዳህር፡ ህይወታዊ ብዙሕነት ንኣመጋግባ ስለዝሁብትሞ፡ ከምኡ'ውን ቀጻልነት ሕርሻን መግዛብን ስለዘተባብዕ፡ ክሊማዊ ምቅይያር ኣብ ቦታኡ እንክሎ፡ ህዝቢ መኣዛዊ መግቢ ንኽረክብ ኣዝዩ ሓጋዚ ምዃኑ ኣመልኪቱ።

ጉድለት ኣመጋግባ ብዝተፈላለዩ መልክዓቱ ኣብ ኩሎተን ሃገራትን ማሕበረ ቁጠባዊ ጉድለታትን ይርአ ኣሎ። ብደረጃ ዓለም፡ ብሰንኪ ዝርአ ዘሎ መጠን ናህሪ ዋጋታት መግቢ፡ ሰባት መኣዛ ዝወሓዶምን ሕሱራትን መግብታት ክመርጹ ይግደዱ ኣለው። ብዘይካ'ዚ፡ ተጠቀምቲ እቶም ንኽትምገቦም ብዙሕ ሃልኪ ዘይሓቱ ግን ከኣ ጥዕና ዘይህቡ ዓይነት መግቢ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ። ጠንቂ ናይ'ዚ ከኣ ዘላቕነት ዘይብሎም፡ ከምኡ'ውን እኹል መኣዛውን ብዙሕነታውን መግቢ ኣውሒሶም ጥዕና ከረጋግጹ ዘይክእሉ ስርዓታት ሕርሻን መግዛብን ከም ዝዀኑ፡ ሚኒስተር መሓመድ ኣስዒቡ ኣብሪሁ።

ውሕስነት መግዛብን ኣመጋግባን፡ ምስ ጉዳይ ምርግጋጽ መሰል መግቢ ተቛሪኖም ዝኸዱ ኣገደስቲ ኣምራት ምዃኖም ዝጠቐሰ ሚኒስተር መሓመድ፡ ጉዳይ ጥምየት ከይፈታሕካ፡ ዘላቕነት ሰላም ምርግጋጽ ዘክኣል ከምዘይኮነ ኣረዲኡ። ንሱ ወሲኹ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ዘላቒ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ከም ቀዳምነት ሒዙ ብምሉእ ዓቕሙ ክሰርሕ ከምዝጸንሐ ብምግላጽ፡ ነዚ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቐሚጥዎ ዘሎ ንጹር ሸቶ ምርግጋጽ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ” ኣገናዒ ኢሉ። ውድብ መግዛብን ሕርሻን ድማ፡ ነዚ ተበግሶ እዚ ኣብ ምድራኽ ብምሉእ ዓቕሙ ከምዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።

ማእከል ህንጻት ዲጋታት ሓደ ካብ'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ብቐጻሊ ዝካየዶ ዘሎ ዕማማት እዩ። እዚ ከኣ የማናይ ኢድ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ በዞባዊ ዝኸናጸፎ ዘሎ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ግዜ ናጽነት፡ 110 ዲጋታት ክብራ ከለዋ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ግዜ ግን ብዝሒ ዲጋታት ናብ 810 ደይቡ ኣሎ። ምህናጽ ናይ'ዘን ዲጋታት፡ ንፍርያት ኣሕምልቲ ብቐጻሊ ዕጽፊ ክብ ኪብሎ ከሎ፡ ንፍርያት ፍሩታታት ድማ ብ71 ሚእታዊት ኣዕብዩዎ ይርከብ። በዚእዋኑ ኣብ ሃገርና ዝህልዋ ዘለዉ ዲጋታት ከኣ፡ ነቲ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ 2024 ክሳብ 2028 ክትግበር ተሓንጺጹ ዘሎ መደብ ምርግጋጽ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ” ንኽዕወት ኣኽሊዎ ኣሎ።

ብዘውሳኺ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ቁጽሪ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ዝሞታ ብዙሓ ኩቡት ንምጉዳል፡ ካብ 2013 ጀሚሩ ዓመታዊ ኣስታት 2.5 ሚልዮን ኩቡት ብምኽታብ፡ ንቐረብ ጥዑይ ስጋ፡ ውሑስ ጸባን ወጽኢት ጸባን ብዘዓጻጽፍ ክልዕል ገይሩዎ ኣሎ። መፍረ ደርሁ'ውን ሓደ ካብ'ቲ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ጽቑጡ ዝሰርሓሉ ዘሎ ዕማማት ኮይኑ፡ ክሳብ ሕጂ ከባቢ 6 ሚልዮን ጨቓውቲ ንሓረስቶት ዓዲሉ ይርከብ። ነቲ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዘተባብዕ ደረጃ በጺሑ ዝርከብ ምፍራይ መጓሰ ናብ ጥርዙ ንምብጻሕን ሸቶ ንኹሉ ተባሂሉ ንምምሕዳሩ ቀጻሊ ጻዕርታት የካይድ ምህላዉ ድማ ይሕብር።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ማለት ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ልምዓት ዘርእቲ፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ልምዓት ጸቢ ኣብ መፍረ ደርሁ፡ ኣብ መፍረ ንህቢን ኣብ ምምሕዳሕ ሕርሻዊ





ፍርያትን ክሰጥዩ ከምዝጸንሑ ንዝገለጹዎም ሽሞንተ ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ገንዘባዊ ሽልማትን ናይ ብሉጽ ምስክር ወረቐትን ዓዲሉ እዩ።

ብ17 ጥቅምቲ 1987 ዝጀመረት ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነት፡ ምስ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ ሓቢራ እያ ዓመት ዓመት ትዝከር። እዛ ካብ እትዝከር 37 ዓመት ኣቑጺራ ዘላ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነት፡ እኩብ ህዝቢ ኣብ ጎደናታት ከተማ ፓሪስ ብምውጻእ፡ ድኽነት ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ምዃኑ ዝኣወጀላ ዕለት እያ። ካብኡ ንደሓር ከኣ 17 ጥቅምቲ፡ ዓመታዊ ክትዝከር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 2015ዓ.ም፡ 193 ሃገራት ኣባላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ክሳብ 2030 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ድኽነት ብምውጋድ፡ ዓለም ናብ ዝላቒ ምዕባለ ክወስዳ ዝኽእል ርሒብ ኣፍደገ ንምኽፋት ዝኽእል ከፊላዊ ለውጢ ንምምጻእ ዝዓለመ ውጥን ኣተኣታትየን።

---

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያዉያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | ጾክሞንት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ረብዖት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኩኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ዝብእን ወኻርያን (ጽውጽዋይ)

ሓደ እዋን ሓንቲ ወኻርያ ነበረት። እዛ ወኻርያ ክልተ ውላዳት ነበሩዋ። ኖቲ ሓደ ውላዳ 'ከበዶም'፡ ኖቲ ሓደ ከኣ 'ሽበዶም' ዝብል ስም ሃቢቶም።

እዛ ወኻርያ ኩሉ ግዜ ንግሆ ተንሲኣ፡ ንደቃ መግቢ ኩተናዲ ትኸይድ ነበረት። ቅድሚ ምውጻኣ ከኣ ንደቃ፡

"እዞም ደቀይ! ንዓይ እንተዘይኮይኑ ንኻልእ ማዕጾ ከትይኸፍቱ። ኣነ መጺአ 'ሽበዶም፡ ከበዶም ክፈቱኒ!' ምስ በልኩኹም ጥራይ ትኸፍቱ" በሊቶም።

ንሳቶም ከኣ፡ "ሕራይ፡ ሕራይ!" በሉዋ።

ሓደ መዓልቲ፡ ዝብኢ መጺኡ በቲ ዓርንድ ድምጹ፡

"ደቂ ሓውተይ! ክፈቱኒ ግዳ! ሓንሳእ ስዕም ኩብለኩም፡" በሎም።

ንሳቶም ከኣ፡ "ኣይፋልናን ኣይንኸፍትን። መን ምዃንካ ፈሊጥናካ ኣለና። ኣደና ከኣ ብዘይካ ንዓይ ንኻልእ ከይትኽፈቱ ኢላትና'ያ፡" በሉዎ።

ዝብኢ ብዙሕ ከዐሽዎም ፈተነ።

ንሳቶም ግን ምኽፋት ኣበዩዎ።

ዝብኢ ተሰፋ ምስ ቈረጸ፡ ሓደ ሓሳብ ሓሰበ። ክሳብ ወኻርያ እትመጽእ ተሓቢኡ ተጸበያ። ንደቃ እንታይ ከም እትብሎም ከኣ ጽን ኢሉ ሰምዓ።

ወኻርያ ዝብኢ ጽን ኢሉ ይሰምዕ ከም ዝነበረ ኣይፈለጠትን። ምጽእ ኢላ ከኣ ንደቃ፡

"ሽበዶም ከበዶም ኣነ ኣደኹም'የ ክፈቱኒ፡" በሊቶም።

ንሳቶም ከኣ ኣደኦም ምዃና ፈልዮም ከፈቱዋ። መግቦም ድማ ሃቢቶም። ክሳብ ዝጸግቡ ከኣ በልዑ።

ወኻርያ፡ ሓንሳእ ኣዕሪፋ ተመሊሳ ንድራር ዘኸውን መግቢ ኩተናዲ ወጽአት።

ዝብኢ ክጽበ ጸኒሑ ከምቲ ናታ ድምጺ ገይሩ፡

"ከበዶም ሽበዶም ኣነ ኣደኹም'የ ክፈቱኒ!" በሎም።

ንሳቶም ከኣ ኣደኦም ስለዝመሰሎቶም ከፈቱዎ። ዝብኢ ምዃኑ ምስ ፈለጡ ክሕብኡ ፈተኑ።


ዝብኢ፡ "ኣጆኹም ደቂ ሓውተይ! ሓንሳእ ጥራይ ስዕም ኩብለኩም'የ። ተሃዊኸ ኣለኹ። ቀልጥፉ ንዑ ስዓሙኒ፡" በሎም።

ንሳቶም ከኣ፡ ሓቂ መሲሉዎም ክስዕሙዎ መጽኡ።

ሽዑ ዝብኢ ቅድም ንሽበዶም፡ "ንዓ'ስኪ ወዲ ሓውተ ስዕም ኵልስ ኩብለካ፡" ኢሉ ቅድም ስዕም ኣበሎ። ደሓር ከኣ ኵልስ ኣበሎ።

ከበዶም ክሃድም ደለየ።

ዝብኢ ግን ንዓኡ'ውን ሕዝ ኣቢሉ ስዕም



ኵልስ ኣበሎ። ኣፉ ደሪዙ ከኣ ካብቲ ገዛ ወጽአ።

ወኻርያ፡ ካብቲ ከይዳቶ ዝነበረት ቦታ ንደቃ ዘኸውን መግቢ ሒዛ ተመልሰት። ከምቲ ልማዳ ድማ፡

"ሽበዶም ከበዶም ኣነ ኣደኹም'የ ክፈቱኒ!" በሊቶም። ግን ዝምልሰላ ኣይረኸበትን።

ወኻርያ ሰግአት። ኖቲ ማዕጾ ቀስ ገይራ ድፍእ እንተ ኣበለቶ ሰቕ ኢሉ ተኸፍተ። ኣዝያ ድማ ፈርሐት። ግን ተሰፋ ከይቈረጸት ክትጽውዕ ጀመረት። ዝምልስ ግን ኣይረኸበትን።

ምጽዋዕ ገዲፋ ኣሰር ደቃ ኩተናዲ ጀመረት። ካብቲ ዝፈርሓቶ ኣይወጽአትን። ገለ ንጣብ ደምን ምንጫት ጸጉርን ቅዳድ ክዳንን ረኸበት። እንተኾነ 'ደቀይ ሞይቶም እዮም' ኢላ ኣይቀበለቶን። 'ሃዲሞም'ዮም ዝኾኑ' ኢላ ደገ ወጺኣ ክትደልዮም ጀመረት።

ቀሩብ ውጽእ ምስ በለት ንበጊዕ ምስ ዕያውታ ረኸበት። በጊዕ ንወኻርያ ምስ ረኣየት ዕያውታ ከይትወስደላ ፈርሐት።

ወኻርያ ግን፡ "በጊዕ ሕያወቲ ኣደ ዕያውቲ፡ እቲ ሓደ ከበዶም እቲ ሓደ ሽበዶም ደቀይዶ ርኢኺ?" በለታ።

በጊዕ፡ "ኣይረኣኹን! ንላም ሕተትያ፡" በለታ።

ወኻርያ ከይዳ ከይዳ ንላም ረኸበታ።

ላም ደቃ ከይትነኽሰላ ፈሪሓ ክትወግኣ ደለየት።

ወኻርያ ላም ከይትወግኣ እናፈርሐት፡ "ላም ኣደ ብተይ ጸባ ወሃቢተይ፡ እቲ ሓደ ከበዶም እቲ ሓደ ሽበዶም፡ ደቀይዶ ርኢኺ?" በለታ።

ላም ከኣ፡ "ኣይረኣኹን ንማንቲለ ሕተትያ" በለታ።

ይቕጽል

ምንያ ጸጋይ

# 'ራኢና ... ንሃገርን ህዝብን ዘጸውዑ መንእሰያት ምፍራይ'ዩ!'

ማሕበር ተኒስ ኣስመራ፡ ኣብ ክረምቲ ከሰልጥኖም ዝጸንሐ ተመሃሮ ብ22 መስከረም 2024 ኣመረቖ።

እዞም ኣብ ክረምቲ ዝሰልጠኑ ተመሃሮ 24 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከቡዎም 70 ተመሃሮ ናብ መመረቕታ በጺሖም። ኣብቲ ዝተገብረ ናይ ምምራቕ ስነ ስርዓት ተመሃሮ፡ ተኒስ ብምጽዋት ንዕዱማት ኣዘናጊዖም። ኣብቲ ዕለት ተረኺብና ምስ ዕውታት ሰልጠንቲ ዘዘርናዮ ዕላል ይቕጽል። ሰናይ ንባብ!!

**ምስ ገዛእ ርእስኺ ኩተላልይና?**

ስመይ ሰገን ሚካኤል የውሃንስ እበሃል። ዕድመይ ዓሰርተ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣርባዕተ ኣስመራ ሳልሳይ ክፍሊ ድማ እመሃር።



**ክረምቲ ኣበይ ኣሕሊፍክዮ?**

ኣብ ዕረፍቲ ኣሕሊፈዮ። ተወሳኺ ድማ ኣብ ሜዳ ተኒስ ኣስመራ ንሰለስተ ኣዋርሕ ስልጠና ተኒስ ተማሂረ።

**ስልጠና ተኒስ ከመይ ነይሩ?**

ስልጠና ኣዝዩ ጽቡቕ ነይሩ። ደስ ኢሉኒ እየ ተማሂረ። ኣመና ድማ ተሓጒሰ።

**ጸወታ ተኒስ እንታይ ጠቒሙኪ?**

ሓደ ተኒስ ዝጻወት ሕጉስ ከምዝኾነ ፈሊጠ። ተሓጒሰ ድማ ተማሂረ። ምስ ሰባት ድማ ተላልየ ኣለኹ።

**ኣብ ጸወታ ተኒስ እንታይ መደብ ኣለኪ?**

ብዝዀነ ተጻዊተ ብተኒስ ስም ሃገረይን ህዝበይን ከጸውዕ ተስፋ ኣሎኒ።

**ኩተመስግንዮም እትደልዪ?**

ንስድራ ቤተይ፡ ከምኡውን ንፋዕት መማህራነይ ኣዝየ አመስግኖም።

**የቐንየልና!**

ኣነ'ውን የቐንየለይ!

* * *

**ምስ ገዛእ ርእስኻ ኩተላልየና?**

ስመይ ናታን ኣንገሶም ዓንደብርሃን እበሃል። ዕድመይ ትሽዓተ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣርባዕተ ኣስመራ ድማ እመሃር።

**ስልጠና ተኒስ ከመይ ነይሩ?**

ስልጠና ኣዝዮ ጽቡቕ ነይሩ። ምስ ካልኦት እውዳደር ነይረ። ኣብ ድልዳለ ኣካላተይ ድማ ጽቡቕ ለውጢ ኣምጺኡ። ጸወታ ተኒስ ኣዝዩ ደስ ዘብል ጸወታ እዩ።

**ጸወታ ተኒስ እንታይ ጠቒሙካ?**

ሓደ ናይ ክረምቲ ግዜይ ብጾብእ ንኽጥቀመሉ ኣኽኢሉኒ፡ ዝበዝሐ ግዜይ ኣብ ስፖርት እየ ኣሕሊፈዮ። እዚ ድማ ሕጉስ ከምእትኸውን ይገብረኒ። ካልኣይ ድማ ምስ ካልኦት ተመሃሮ ጽቡቕ ተላልየ፡ ኣዕሩኽ ኣጥርየ። ካብ ሕማቕ ነገራት ድማ ተኣልየ።



**ኣብ ጸወታ ተኒስ እንታይ መደብ ኣለካ?**

ኣብቲ ዝነበረ ውድድር ቀዳማይ ተዓዊተ ኮይነ ወርቂ መዳልያ ተሸሊመ። ኣብ ዝቕጽል ድማ ብጾብኡ ተጻዊተ ንሃገርና ኤርትራ ወኪለ ምስ ካልኦት ሃገራት ተወዳዲረ ስም ሃገረይ ከጸውዕ ክጽዕር እየ።

**ኩተመስግኖም እትደልዮ?**

ንስድራ ቤተይ፡ ከምኡ'ውን ንፋዕት መማህራነይ ኣዝየ አመስግኖም።

* * *

**ምስ ገዛእ ርእስኺ ኩተላልይና?**

ስመይ ቅሳነት ተኽለሃይማኖት ኣስመላሽ እበሃል። ዕድመይ ዓሰርተ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ኢራፋይለ ራብዓይ ክፍሊ ድማ እመሃር።

**ክረምቲ ኣበይ ኣሕሊፍክዮ?**

ኣብ ክረምቲ ኣብ ተኒስ ኣስመራ ንሰለስተ ኣዋርሕ ስልጠና ተኒስ ተማሂረ።

**ስልጠና ተኒስ ከመይ ነይሩ?**

ኣዝዩ ጽቡቕ ነይሩ። ኣብቲ እንመሃሮ ዝነበርና፡ ውድድር ስለዝነበረ ኣብቲ ዝነበረ ወድድር ካብ ዕድመይ ቀዳመይቲ ወጺኣ ወርቂ መዳልያ ተሸሊመ። ቀዳመይቲ ስለዝወጻእኩ ድማ ሞራል ረኺበ ኣለኹ።

**ጸወታ ተኒስ እንታይ ጠቒሙኪ?**

ብዕድመ ተፈላሊና ንጻወት ስለዝነበርና ኣብ መንጎና ደስ ዙብል ውድድር ነይሩ። ተኒስ ክትጻወቶ ደስ ዝብል ስፖርት ስለዝኾነ ምስ ሰባት ክላለ፡ ጥዕናይ ክሕሉ ኣኽኢሉኒ። ምስ መዛኖይ ሕውነት ከጥሪ ድማ ሓጊዙኒ።

**ኣብ ጸወታ ተኒስ እንታይ መደብ ኣለኪ?**



ኣብ ተኒስ ጽቡቕ ውጽኢት ኣመዝጊበ ስለዘለኹ፣ ካብዚ ዘለኹዎ ንላዕሊ ነፊዐ ስመይን ስም ሃገረይን ከጸውዕ ሕልሚ ኣሎኒ።

**ንኻልኦት ተመሃሮ እንታይ ትብልዮም?**

ተኒስ ብዙሕ ሰብ ስለዘይፈልጦ ብዙሕ ዝጻወት የለን። ቤት ትምህርቲ ተኒስ ኣስመራ ንኹሉ ተመሃራይ ክፉት ስለዝኾነ ግዚኦም ኣብ ዘይጠቅም ካብ ዘሕልፍዎ ኣብዚ መጺኦም ክጻወቱ እምዕዶም። ጸወታ ተኒስ ናይ ኩሉ ተመሃራይ ጸወታ ምዃኑ ክሕብሮም እደሊ።

**ኩተመስግንዮም እትደልዪ?**

ንኣቦይን ኣደይን፡ ከምኡ'ውን መምህራነይ ኣዝየ አመስግኖም።

**የቐንየልና!**



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ ዳኒኤል ዘርኣ ደብረጽዮን፡ ኣቦይ ዘርኣ ደብረጽዮንን ኣደይ ቅዱሳን ጉብረገርግሽን ስለዝዮረፉ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፃ8/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዘርኣሰናይ ተኽስተ ጉብረማርያም፡ ወለድና ተኽስተ ጉብረማርያምን ገርግስ ጉብረሂወት ወልደፍለጽሽን ስለዝዮረፉ፥ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ሃብታይ ወዕለት ገ/ሄር፡ ወለድና ወዕለት ገረዝጊሄርን ሃኳሱ ኣሰፍሃን ስለዝዮረፉ፥ ኣነ ምስ 1 ሓብተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳዕድያ ታኣምራት ወልደጻዮን፡ ብዓል ቤተይ ሃብታይ ጉብረጻድቕ ተሰፋዝጊ ስለዝዮረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ዛይድ ኣሰያስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃይለ ቀሺ ተኽለ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሄዋን ጉብረሊባኖስ፡ ብዓል ቤተይ ጉብረሂወት እምባዩ ወርቀ ስለዝዮረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሳሚኤል በረኸት ስዩም ምባል ተረፉ፥ ሳምሶም በረኸት መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ፍረወይኒ ምሕረትኣብ ጉብረእግዚኣብሄር ምባል ተረፉ፥ ለቲና ስዩም ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብፍርዲ/በ/ማሰል ዞርያስ ኣርኣያ፡በ/በ/ ዕዳ ጸጋይ ተሰፋማርያም ናይ ፈጸሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ማሕሙድ ሸፋኑር ዑመርዲን ምባል ተረፉ፥ ማሕሙድ ሸፋ ኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ናስር ዓብደላ ሹምዓሊ ምባል ተረፉ፥ ናስር ዓብደላ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

መሳ ሕሳፎ ዑስማን ምባል ተረፉ፥ መሓመድሙሳ ሕሳፎ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣለም ኣበራ ብሩ ምባል ተረፉ፥ ኣለም ኣበራ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ኪዳነ ተኽለንኪኤል፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ሃይለ ማና ስለዝዮረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ራህዋ ዑቕቢት ጎይትኦም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል ዓንደም ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ መርሃዊት ተሰፋይ ጉብረስላሴ፡ ኣደይ ወ/ሮ ምሕረት ሃብተ ተኪኤ ስለዝዮረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲ ኣቶ ሰመረ ኣብርሃ ዘድንግል፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ምሕረት ሓድጉ ተኽለሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጢ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ወይዘር መብራህቱ ወልደማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጉብረሂወት ኣብድ ረዳእ፡ ኣነን ተኸሳሲን ናይ ሓባር መንበሪ ገዛ ኣብ ከተማ ባረንቱ ኣብ ዞባ ፍትሒ ዝርከብ ገዛ ኣብ ዞን 04 ብሎክ 88 ፓርሴል- ዝተመርሓልና ስፍሓት 488 ት/ሜ ዝኾነ መንበሪ ገዛ ስለዘይተመቕለ፡ ተኸሳሲ ቀሪቡ ዚ ጉዳይ መዕለቢ ክገንዝበሉ ይጽወዓለይ ስለዝበለት፣ ን1/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ርዚና ተሰፋይ ባይሩ፥ ኣቦይ ተሰፋይ ባይሩ ምሐር ስለዝዮረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ማሕሙድ ሓምድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፥ ማሕሙድ ሕመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓመድኑር ሓመድዓሊ ስዒድ ምባል ተረፉ፥መሓመድኑር መሓመድዓሊ ስዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ጸሃይሽ መሻ ብርሃ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሬሳ ኣብ ምፍናውን ኣብ ምቕባልን ዝተሓበርኩምና፡ ኣብ ማእዶ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ደቃንን ምሉኣት ስድራቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ብልቢ ፍቕራ ኣዴና ወ/ሮ ለተሚካኤል ጉብረትንሳኤ ወልደገርገስ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሓሚማ ዝበጻሕኩሙ፡ክሳብ ሽኮቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ከምኡ'ውን ብኣካልን ቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

ስድራቤት ፍሰሃ ኣቶ ሃይለ ተሰፋሚካኤል

እፎይታ ናይ ብርኪ ማሕበር ዕለት 12/02/2024
ኣብ ዘካየዶ ጉባኤ ዝበን ዝስዕባ ኣባላት መሪጹ

1. ወ/ሮ ኤልሳ ሃለይ ኪዳነ ———————ኣደ መንበር
2. ወ/ሮ ኣልማዝ ጉብረሚካኤል ኣብርሃ———————ተሓዚት ገንዘብ
3. ወ/ሮ ሸዊተም ዘርኣብሩኽ ሃይለ———————ተሓዚት ንብረት

ወ/ሮ ጽገረዳ ተወልደ ሰገድ ኣካያዲት ስራሕ ኮይና ንሰለስተ ዓመት ከገልግላ ምኻና ንሕብር፡፡

እፎይታ ናይ ብርኪ ማሕበር

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 1A177 ፕሎት 14 ፓርሰል ዞን ASP00019467 ፓርሰል L ስፍሓት መሬት 487.8 ት/ሜተር ብመለለዩ ቁ. ንብረት 48186/75670 ቀንዲ ክፍሊ 4 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ 4 ብስም ኣመታይ ባህታ የገን ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ናብ ስመይ ክሰግሮ ስለዝኾነኩ፥ ዝቃወም እንተሃልዩ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤ/ጽ ኖታሪን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀርቡ፡ ብዘለዋ መተኣማመኒ ወረቐት ጉዳየይ ክውድእ ምኻነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ርግኣት ኣፈወርቂ ኣጽብሃ

ኣመልካቲ ሰለሙን ኣረፋይነ ዝተባሃልኩ፥ ኣብ ኣስመራ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጎዳጉዳ ዝርከብ መንበሪ ገዛ ብስም ነ/ሄር ጉብረእግዚኣብሄር ብኢዱ ዝተመዝገበ ገዛ ምስ ነ/ሄር ነጋ ሃብተሚካኤል ብዕለት 11/01/1994 ዝተገበረ መሸጣ ውዕልን ነ/ ሄር ነጋ ሃብተሚካኤል ድማ ብሂወት ከሎ ብዕለት 05/02/1994 ንዓይ ዝሸጠለይ መንበሪ ገዛ ናይ ክልቲኦ መሸጢ ውዕል ኦርጂናል መሸጢ ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፥ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ በዛ 07391208/ ወይ 07119387 ክሕብረኒ፡ እንተዘይርከብ ግን መስርሕ ምትሕልላፍ ክቕጽል ምኻነይ እሕብር፡፡

ሰለሙን ኣረፋይነ

ኣነ ለተኣብ ኣብርሃ ክፍለማርያም ዝተባሃልኩ፥ ምም/ን/ዞባ ገጀረት፡ ዚፕ ኮድ 1A755፡ ጎደና ደካናሞ፡ ፕሎት 122፡ ፓርሰል-N ቁ.ገዛ 233 ዝርከብ ኣብ ሚኒ/ መሬትን/ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር መለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM015388/0 ከምኡ'ውን ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ወረቐት 103806 መወከሲ ቁ.102818 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቀሪበ ብውህብቶ ንወ/ሮ ኣይኒኣለም ኣብርሃ ክፍለማርያም ስለዝሃብክዎ'ሞ ናብ ስማ ከመሓላልፎ ኣለዘይለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡ እንተዘየሎ፡ ስም ናይ ምትሕልላፍ መስርሕ ከምዝፍጸም እሕብር፡፡

ለተኣብ ኣብርሃ ክፍለማርያም

## 2024/2025 ንኩሉኹም ተማሃሮ ርሑስ ምጅማር ዓመተ ትምህርቲ ክኾነልኩም እናተመነኹ፡

*"ኣርማና 1" ንተማሃሮ መባእታ*

*"ኣርማና 2" ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ፡* ኣብ ቋንቋ ኣደ ትግርኛ ክሕግዛን ከም መወከሲ ክኾናን ተባሂለን ብክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ (ሚ/ትምህርቲ) ኣፍልጦ ተዋሂቡወን ዝተዘርጋሓ መጻሕፍቲ እየን። እዘን መጻሕፍቲ እዚኣን፣ ብመማህራን ቋንቋ ኣደ፡ ብተማሃሮን ወለድን ልዑል ተቐባልነት ዝረኸባ መጻሕፍቲ ኮይነን፣ ሕጂ'ውን ብርትዓዊ ዋጋ ኣብ ኩለን ናይ ጽሕፈት መሳርሒታት መሸጢ ተዘርጊሐናልኩም ስለዘለዋ፡ ዓዲግኩም ተጠቐሙለን።

*ንገለ ካብ ትሕዝቶኣን*

- ቅኑዕ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ትግርኛ ሰዋሰው (ስም፡ ክንድስም፡ ግሲ፡ ተወሳኺ ግሲ፡ መስተዋድድ፡ መስተጻምር፡ ቅጽል፡ ቃለ ኣጋንኖ)
- ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥቢ፡ ኣበዛዝሓ ኣስማት፡ ኣጸሓሕፋ ግጥምን ደብዳበን ወዘተ.ዝሓቖፉ እየን።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ብቑጽሪ ተሌፎናት 07148665፡ 07570771፡ 07755029 ደዊልኩም ተወከሱና።

ጸሓፊ፡ መም. ኣስመሮም ገብረማርያም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሄለን ተኽለማርያም ዳኘው፡ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል ገብረመስቀል ገብረማርያም ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ሃብተ ዘርኣ ገብረት፡ ኣቦና ዘርኣ ገብረት እምሃን ኣዴና ደምቃ ብርሃ ተሰፋን ስለዝዋረፋ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲ ሰረቕ ሃብተም ማሰፍን ተኸሳሲት ሻማት ሰረፈኤል ሚከኤል፡ ንጓኺ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጢ።

መዋእስ ኣስገዶም መሳኺ ምባል ተረፉ፡ መዋእትኣብ ኣስገዶም መሳኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ርዛ ዓወት ይሕደጎ ምባል ተረፉ፡ እሙንያ ዓወት ይሕደጎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ኪዳነ ዓንደ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦይ ዓንደ ገብረእግዚኣብሄር ገብረእየሱስ ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣብርሆት ገብረልኡል ክፍለ ምባል ተረፉ፡ ሰምረት ገብረልኡል ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ሳምራዊት ተመስገን ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ ኣለም ይመስገን ምባል ተረፉ፡ ኣለም መስገን ስቡሓት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ወ/ሮ ገነት ገብረትንሳኤ ገብርኣብን ተጸዋዕቲ 1.ሸዊት ገብረትንሳኤ ገብርኣብ 2.ተመስገን ገብረትንሳኤ ገብርኣብ 3.ኣምባሳደር ገብረትንሳኤ ገብርኣብ 4.ዳዊት ገብረትንሳኤ ገብርኣብ 5.ኣልጋሽ ገብረትንሳኤ ገብርኣብ 6.ሄወት ገብረትንሳኤ ገብርኣብ 7.ኤጨ ገብረትንሳኤ ገብርኣብ 8.ብስራት ገብረትንሳኤ ገብርኣብ 9.ሰናይት ገብረትንሳኤ ገብርኣብ 10.ጸገ ገብረትንሳኤ ገብርኣብ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጡ።

ሳሙኤል ተኸስተ ምስየኻ ምባል ተረፉ፡ ሳሙኤል ተስፋኣለም ምስየኻ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚሌን ገብረሃዋርያት ምባል ተረፉ፡ ሄለን ገብረዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣመልካቲት ትብለጽ ገብረሃዋርያት ረዳ፡ ተጸዋዒት ጸሃይነሽ ገብረሃዋርያት ረዳእ ብ11/12/2018 ብቑ.መዝ. 8684 ዝሃበትኪ ውክልና ክሰረዝ ስለዝሓተተት፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን13/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጢ።

ሰረቕ መንግስትኣብ ብርሃ፡ ኣደይ ሰላስ ወልደገብርኤል ሃብተማርያም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣስመረት ኣፈወርቂ ኣብርሃም፡ ኣደይ ምሕረት ኣብርሃም ዑቕባሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ሳራ ሰለሞን ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ካፕቴን በየነ ተኽለጸየን ወልደስላሴ ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ጸገየና ፍቓዱ ረዳ፡ ብዓል ቤተይ ተዓገስ ገብረትንሳኤ በየነ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ሄለን ካሕሳይ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ መድሃኔ ጎይትኦም ቀለታ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ሰዶና ናህ ሰናይ ግደይ፡ ስም ኣደይ ምሕረት ገብረገየርጊስ ምባል ተረፉ፡ ምሕረት ሃብተገየርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም ንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሰናይት ወልደሚካኤል ሃብተ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋ ኣረጋይ ማሰስ ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰማራ ኸሪዲን ሓመተር ምባል ተረፉ፡ ሰማራ ኸሪዲን መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት መብራህቱ፡ ኣቦይ መብራህቱ ኣብይ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተወልደ ወልደገርግሽ ቀለተ፡ ሓፍተይ ጽጋይ ወልደገርግሽ ቀለተ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኑርያ ሳልሕ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፡ ኑርያ ሳልሕ ኣሕመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

በናት ሰዒድ ዓብዱ፡ ስም መዋቲት ሓፍተይ ራሓና ዓብዱ ሰዒድ ምባል ተረፉ፡ ራሓና ሰዒድ ዓብዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰገን በራኺ ገ/መስቀል፡ ተጸዋዒ ኣቶ ርእሶም ግርማይ ፍቓዱ፡ ናይ ሞዝዚትነት ምልክታ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን8/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ።

ጸሃይነሽ የማነ ተስፋእየሱስ ምባል ተረፉ፡ ጸሃይነሽ የማነ ተኽለኢየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኢሳቕ ኣብርሃ በርሀ፡ ኣቦና ኣብርሃ በርሀን ኣዴና ኣብርሆት ገብረስላሴን ስለዝዋረፋ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ገነት ጸገ ክፍለየሱስ ምባል ተረፉ፡ ገነት ጸገ ተኽለየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የማና ተስፋማርያም፡ ኣዴና ሰንበቱ ገብረኣብ ኪዳነ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ብርሃ ዘርኣይ በራኺ፡ ኣዴና ምሕረት በራኺ ባህታ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ህልዋት 1 መዋቲ ተተካእቲ ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰገን ተመስገን ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ ኣለም ይመስገን ስቡሓት ምባል ተረፉ፡ ኣለም መስገን ስቡሓት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሚኪኤል ሰዩም ሓየሎም፡ ኣኮይ ኢንጅ/ ኣድሓኖም ዞሚከኤል ዓንደሚካኤል ስለ ዝዋረፈ፡ ንሕና ደቂ ኣሕዋቱ ንወለድና ተኪእና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ሃይለ የውሃንስ ተስፋጼን፡ ኣደይ እሙና ኣስገዶም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተጼን ካሕሳይ ገብረመስቀል፡ ኣቦይ ካሕሳይ ገብረመስቀልን ኣደይ ሄዋን ዘወልዲን ስለዝዋረፋ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ደበሳይ እስቲፋኖስ ኪዳኑ፡ ስም ናይ ኣደይ ኣብረሀት ወልደገርግሽ ወልዳይ ምባል ተረፉ፡ ኣብረሀት ተስፋገርግሽ ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ወይኒ ከሱተ ተስፋሚካኤል፡ ኣቦይ ከሱተ ተስፋሚካኤል ንጉስ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምጽላል ዑቕባጼን ዘወልዲ ምባል ተረፉ፡ ኢታይ ዝኽረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ መቕት ተስፋማርያም ዞሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ወልደትንሳኤ ሃብተሚካኤል ገብረሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ዝያዳ ኣሰፋው ንጉሴ፡ ተጸዋዒ ቢንያም ጉዕሽ ኣስገዶም ካብ 2014 ካብ ሃገር ምስ ወጻ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ብጋዜጣ ይተኣወጀለይ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ድማ ክወሃበኒ ስለዝበለት፡ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክውሰን ምዃኑ ፍለጥ።

ተኽለሚካኤል ፍቕረ ኣልኣዛር ምባል ተረፉ፡ ሰዓረ ፍቕረ ኣልኣዛር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣለምሰገድ ገብረእግዚኣብሄር ደስታ፡ ኣቦና ገብረእግዚኣብሄር ደስታ ወልእሱ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሃናን ውዓሰን መብራህቶም ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ ሚካል መብራህቶም ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍሰሃጼን መንግስትኣብ ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሄርሞን መንግስትኣብ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ በላይ ዘጸ፡ ወለድና በላይ ዘጸ ሰለሞን ወ/ሮ ሃይማኖት ገብሩ ተስፋን ስለዝዋረፋ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተፈሪ ተኽሉ፡ ኣቦይ ተኽለ ክፍላይ ተስፋገርግስ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የናስ ታረቑ ተስፋይ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሓዳስ ብርሃ ባህረ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳራ ተኽለ የውሃንስ፡ ወለድና ኣቶ ተኽለ የውሃንስ ለክንደሸን ወ/ሮ ደሃብ ኣርኣያ ወልደኪዳነን ስለዝዋረፋ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወለዝጊዮት ገብረሄት ገዝበ፡ ወለድና ገብረሄት ገዝበ ደንቁን ወ/ሮ ትካቦ እምባዬ ስለዝዋረፋ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይት ዓንዶም ገብረዮናስ፡ ስም ኣደይ ውዓስ ገብረሚካኤል ወላይ ምባል ተረፉ፡ ዘውዲ የውሃንስ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራሄል ዑቕባርግስ ሞገእ ምባል ተረፉ፡ ሕርይቲ ዑቕባርግስ ሞገእ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍትሓዊት ክፍለ ወልዳይ ምባል ተረፉ፡ ልዋም ክፍለ ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደሊና ብርሃ ወልዳይ ምባል ተረፉ፡ ሰላም ብርሃ ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጎይትኦም ገብረትንሳኤ መሓሪ ምባል ተረፉ፡ ጎይትኦም ገብረስላሴ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣረጋሽ ኣርኣያ ነጋሽ፡ ብዓል ቤተይ የማነ ሃብተማርያም ገብረማርያም ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ማዕቀበዚ ሃይለ ገብረመድህን፡ ኣቦይ ሃይለ ገብረመድህን ስለዝተሰወኦ፡ ኣደይ ገነት ተስፋሃንስ ጊለ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ትርሓስ መሻሾ ትኳቡ፡ ብዓል ቤተይ ገብረንጉስ ዑቕባሚካኤል ሃብተማርያም ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ምስ 3 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ደባስ መተሃን ሃይለስላሴ ምባል ተረፉ፡ ሰላም መተሃን ሃይለስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለትም ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

እስክንደር የናስ መዃ፥ ኣዴና ሶፍያ ደብረጼን ገብረመድህን ስለዝዋረፈት፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንን ከሳሲ. ግደይ ኣብርሃ ኣስፍሃ፥ ተኸሰስቲን ዘሎ ናይ ስም ዋንነት ገዛ ናይ ምትሕልላፍ ጉዳይ፥ ተኸሳሲ፡ 1.ኣቶ የማነ ኣብርሃ ተስፋሚካኤል 2.ወ/ሮ ኣሰፋሽ ሓድሽ ኣለምዮን ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ራኢ. ቤትሮማክስ ምባል ተረፉ፥ ራኢ. ቤትሮማስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኬብሮን ቤትሮማክስ ምባል ተረፉ፥ ኬብሮን ቤትሮማስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ዛይድ ተስፋሚካኤል፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ኣብርሃም ዑቕባሚካኤል 2.ፍ/ር ተወልደ ዑቕባሚካኤል (ተተካኢት ፊሩዝ ተወልደ) ናይ ክፍሊት ዝኽላ መንደቕ ዝምልከት ጉዳይ ስለዘለኩም፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቑ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ሂወት ተስፋማርያም ገብረሚካኤል፡ ሓፍተይ ቅዱሳን ተስፋማርያም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወረሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ለድያ ያእቆብ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ መሴ ዘርአ መዃ፥ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ሂወት ነጋ ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ጎይትኦም ጺጋይ ማስፍን ስለዝተሰወረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣማኑኤል ጎይትኦም ተኽለ ምባል ተረፉ፥ ኣማኑኤል ጎይትኦም ተኽለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዓብዱሰላም ሱልጣን ዓብዱራሕማን፥ ስም ኣቡሓጎይ ዘይኑብ መሓመድ ምባል ተረፉ፥ ዘይኑብ መሓመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ውዕል ኣገልግሎት እንዳ ሻሂ ንተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ካብ 01/ሕዳር 2024 ክሳብ 31 ነሓሰ 2026 ኣገዚብ ዕድጊ (ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ. ካብ 01/ሕዳር/2024 ክሳብ 31 ነሓሰ 2026 ንተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኮሌጅ ናይ ሻሂ ኣገልግሎት ከምጊርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

1. ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ፥ ንሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ሻሂ፥ ብመሰረት ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ. ዘቕርቦ ዝርዝር ሃለኽቲ፥ ክራይ ናይ ኣገልግሎት ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ሻሂ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፥ ቅዳሕ ታሰራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፥ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ፥ ብቑጽሪ ስልኪ. 08202691ብምድዋል፥ ተወሳኺ. ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ፡፡
5. ተጫረትቲ፥ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን15 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፥ ኣብ መበል 15 መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፥ ሕጋውያን ወከልቲ፥ ሰራሕተኛ ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ንኽዕዘቡ ዝመጹ ሰባት ኣብ ዝተረኽብሉ፥ ኣብ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ. ይኽፈት፡ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን፡፡
7.ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 50,000 ናቕፋ (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ብC.P.O ኣትሒዞም የቕርቡ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ. ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮሌጅ ምህንድስናን ተክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ.
ቁ.ሳ.ፖስታ 344 ኣስመራ
ቁጽሪ ስልኪ. 08202691/08371122

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኣሕዳራት ቤት ትምህርቲ ሰዉኑት ደቀምሓረ (ዶንቦስኮ) ንዓመት 2025 ካብ 01 ጥሪ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2025 ንተማሃሮ ዝውዕል ግፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙን ጨውን ከምግርት ስለዝደለየ፥ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ኣሕዳራት ቤት ትምህርቲ ሰዉኑት ደቀምሓረ (ዶንቦስኮ) ንዓመት ትምህርቲ 2025 ዝውዕል ግፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙን ጨውን ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፥
3. ተጫረትቲ ማብቆላዊ ሰነዳት የርእዩ፤ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን መንነትን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስን የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ. ሓበሬታ ምስዝደልዩ፥ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቁ.20 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፥ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ዓሰርተ መዓልቲ፥ ኣብ መጫረቲ ቦታ ሚ/ትምህርቲ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ተጫረትቲ፥ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፉ ዝደሊ. ሰብን፥ ሰራሕተኛ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ፥ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀትሪ ብዕሹግ ኣብ ተመሳሳሊ. ዕለት ብዋልዲ. ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ቸክ CPO 50,000.00 ናቕፋ ተጫራታይ ክትሕዝ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ. ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ቴሌፎን 200593/123749

ንሕና 1. ወ/ት ኑብያት ብርሃ ተወልደ 2. ኣቶ ሩፋኤል ብርሃ ተወልደ ዝተበሃልና፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ፥ ን/ዞባ ማእከል ዕዳጋ- ሓሙስ፥ ጎደና ዓዲ ሸማግሌ፥ ቁጽሪ ገዛ 8 ዝርከብ፥ ብመለለዪ ንብረት 37314/ 56232 ዝፍለጥ ብስም ወላዲትና ወ/ሮ ሳራ ጴጥሮስ ተኸለዝጊ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ንሕና ደቃ ብውህብቶ ዝተዋህበና ገዛ ስለዝኾነ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስምና ክስሓለልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መኣገዲ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡ እንተዘይ ኮይኑ ግን ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ሕጋዊ ምትሕልላፍ ስም ክንፍጽም ምዃንና ፍለጡ፡፡

1. ወ/ት ኑብያት ብርሃ ተወልደ
2. ኣቶ ሩፋኤል ብርሃ ተወልደ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ብርሃ መብራህቱ፥ ዝተፈቕደለይ ናይ መጸገንን መሸጥን ናይ ኤሌትሪክ ኣቕሑ ንግዳዊ ትካለን "ቲኬይ ሓፈሻዊ መሸጥን መጸገንን ናይ ኤሌክትሪክ ኣቕሑ" (TK RETAIL & REPAIR ELECTRICAL ITEMS) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተተታ፡ እዚ. ናይ ንግዲ. ስም ቅድሚ ምምዝጋበይና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ. ናይ ንግዲ. ስም ከም እንምዝገቦ ፍለጡ፡፡

ክፍሊ. ወሽጣዊ ንግዲ.

ኣነ መንግስትኣብ ኪዳነ ገብረስላሴ +1 ዝተበሃልና፥ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ ዞባ ኣባሻውል ከባቢ. ሓድሽ ዓዲ. ፕሎት 21ፓርሰል Aዚፕኮድ 1A134 ጎደና እምባሪሚ. ቁጽሪ ገዛ 10 ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ት ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM000351/0 ብስም ካሕሳይ ዓንደማርያም ሃብተስላሴ +3 ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ፥ ብዕለት 24/07/2024 ኣብ ቅድሚ ኢምባሲ. ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀነቫ ብዝገበርናዮ ምቕሊት፡ ተጠቃሲ. ገዛ ናባና ስለ ዝበጽሐ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስምና ክስሓለልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ. ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

ኣቶ መንግስትኣብ ኪዳነ ገብረስላሴ +1

ኣመልከትቲ፡ ኣቶ ገርጃ ኪዳነ ስብሓትን ወ/ሮ ሓጎሳ ተስፋጼን ተኪኤን ዝተበሃልና፡ ኣብ ን/ዞባ ፓራዲዞ ዓዲ. ኣቤቶ መለለይ ንብረት ASD00043908 ቁ.ንብረት 1BRASM009223/0 ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ፕሎት 13፥ ቁ.ፓርሰል ዞን 1፥ ፓርሰል F፥ ስፍሓት 250 ት/ሜ ሰለስተ ቀንዲ. ክፍልታት 2ተ ሓገዝቲ ክፍልታት ዝርከቦም ገዛ ኣለና፣ እንተኾነ ግን ንደቅና ወ/ሮ ፍረወይኒ ገርጃ ኪዳነን ኣቶ ክፍልዝጊ. ገርጃ ኪዳነን ስለዝሃብናዮም'ሞ ናብ ስሞም ክሰግሮም ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ. ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖራሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣቶ ገርጃ ኪዳነ ስብሓት
ወ/ሮ ሓጎሳ ተስፋጼን ተኪኤ

ኣብ ኣስመራ ከባቢ/ዚፕ ኮድ ማእከል ከተማ 1A176ጎደና 176-9 ቁ/ገዛ 20 ፕሎት 2R ቁ. ፓርሰል ዞን ASP00017943 ፓርሰል F1 ዝርከብ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1:007758 ብስም ኣዴና ኣቦ ዓብደላ ዓሊ. ዝተመዝገበ ገዛ፥ ብዘረጋገጽናዮ ውርሻ መሰረት ናብ ስም ወረስቲ ከምንሓልልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ. ምልክታ'ዚ. ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ. ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. ናይ መኣገዲ. ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና እሕብር፡፡

ዳኒኤል ደረስ

ኣቶ ነቢል ሽፋ ሱሌማን ዝተፈቕደሉ ናይ መሸጣ መቀያየሪ ኣቕሑ መኪና ንግዳዊ ትካሎም "ሽፋ መሸጢ. መቀያየሪ ኣቕሑ መኪና" (SHIFA AUTO SPARE PARTS) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተተ፥ እዚ. ናይ ንግዲ. ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ. የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ፥ እዚ. ናይ ንግዲ. ስም ከምንምዝገቦ ፍለጡ፡፡

ክፍሊ. ወሽጣዊ ንግዲ.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደቀምሓረ - ሃገራዊ ውድድር ኣትለቲክስ ክካየድ እዩ

ሓደ ካብ ዓበይቲ ሃገራውያን ውድድራት ኣትሌቲክስ ዝኾነ ናይ 21 ኪሎ ሜተር ናይ ጽርግያ ውድድር (ፍርቂ ማራቶን)፡ ጽባሕ ሰንበት ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ክካየድ እዩ።

ኣብዚ ዊልቼር ፓራ-ኣትሌቲክስ'ውን ሓቍፉ ዝካየድ ዓመታዊ ሃገራዊ ውድድር፡ ዓበይቲ ኦሎምፒኻውያንን ተስፋዎት መንእሰያት ኣትሌታትን ናይ ኩለን ዞባታትን ሚኒ/ምክልኻልን ዝሳተፍዎ ብምዃኑ፡ ሓያል ተወዳዳርነት ክርአ ትጽቢት ኣሎ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ከተማ ባረንቱ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ካብ ዓበይቲ ኣትሌታት ተዓዋቲ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ጋና 2023 ኦሎምፒኻዊ ኣትሌት ሳምሶም ኣማረ ክዕወት እንከሎ፡ ሄርሞን ፍቓደን ኣሌክሳንደር ታየን ድሕሪኡ ኣትየሞ። ካብ ደቀንስትዮ ድማ ኣትሌታት ሮዝና ሃብተስላሴ፡ መዚት ተስፋይን ፍዮሪ ገብረሂወትን ተዓዊተን ምንባረን ይፍለጥ። ኣብ ናይ 5 ኪሎ ሜተር ውድድር ድማ፡ ኦሎምፒኻውያን ኣትሌታት ዳዊት ሰዩምን ዓብድራዛቕ ሰሌማንን ከምኡ'ውን ሚሮን ጎይትኦም፡ ካብ ደቀንስትዮ ከኣ ማርያ ዓሊ፡ ዲያና ሽሻይን ኣርያም ሓድሽን ምዕዋቶም ህዝባዊ ርክብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሓቢሩ።



ዊልቼር ፓራ-ኣትሌቲክስ ኣካል እዚ ውድድር እዩ

## ደሃይ ተቓዳደምትና

ኤርትራዊ ተቓዳዳማይ ናትናኤል ተስፋጼን ትማሊ ኣብ ራብዓይቲ መድረኽ ዙር ጓዋንግዚ፡ መበል 16 ኣትዩ።

ኣብ 176.8 ኪሎሜተር ዝሸፈነት ራብዓይቲ መድረኽ፡ ብሪጣንያዊ ኣባል እስራኤል ፕረሚር ተክ ኢታን ቨርን ብቐጽበታዊ ውድድር ንጀርመናዊ ማክስ ካንተር በሊጹ - ብ4 ሰዓት፡ 02 ደቒቓን 11 ካልኢትን ተዓዊቱሉ።

ኢጣልያዊ ኣልቤርቶ ብሩቶማሶ ሳልሳይ ክኣቱ እንከሎ፡ ኣባል ሊደል ትረክ ዝኾነ ናትናኤል፡ ብተመሳሳሊ ግዜ መበል 16 ኣትዩ። ወዲ ሃገሩን ወዲ ጋንታኡን ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር እውን፡ ግዜ ከይከሰረ መበል 57 ኣትዩ።

እዚ ናይ መወዳእታ ናይ ምርልድ ቱር ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም 165.8 ኪሎሜተር ብዝሸፍን ሓሙሻይቲ መድረኽ ክቐጽል እዩ።

## ሂምቦል፡ ንቀዳማይ ዙርያ ከይተሳዕረት ዛዚማቶ

### ሃኒባል፡ ብሸቶታት ይመርሕ

ውድድር ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብረብዕ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ጸወታኡ ዛዚሙ።

ሂምቦል፡ ምስታ ብሓደ ነጥቢ ኣብ ድሕሪት ተሰሪዓ ዝነበረት ሓለቡት እያ ተጻዊታ። እዛ ጋንታ፡ ኣባላ ሃኒባል ከርስ ክልተ ሸቶታት ኣብ ዘመዝገበሉ 5-ብ2 ብምዕዋት፡ ኣብ ሓሙሽተ ጸወታታት ከይተሳዕረት ትግስግስ ኣላ። ሃኒባል ከኣ ብሸውዓተ ሸቶታት ይመርሕ ኣሎ።

ሰዒቡ፡ ብዘመዝገቦኦ ሸቶታት ተፈላልየን ኣኣርባዕተ ማዕረ ነጥቢ ዝነበረን ሳብርን ኣቡሓዊን ተጻዊተን። ቀዳማይ ዕረፍቲ ብዘመዝገቦኦን ሓሓንቲ ሸቶ ከኣ 1-ብ1 ተፈላልየን። ማዕረ ምስ ዝወጻ ናብ ዝቕጽል ይሓልፋ ብምንባሩ ከኣ ብናይ ክልተ እግሪ ግጥም ሰገረን። ብሓሙሽተ ነጥቢ ማሕዲጋተን ንጸወተኣን ትኽታተሎ ዝነበረት ክለብ ዒታሮ ድማ፡ ንሓለቡት ሰዒባ ካብ ውድድር ተኣልያ። እዚ ውድድር፡ ሎሚ ብዝካየድ ክልተ ጸወታ ክቕጽል እዩ።



ንቀዳማይ ዙርያ ከይተሳዕረት ዝዛዘመት ክለብ ሂምቦል

## ዙር ዞባ ማእከል 2024 . . .

ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ናይ ከተማን በረኻን ዘጠቓለለ ናይ ሸውዓተ መድረኻት ዙር ዞባ ማእከል፡ ጽባሕ ሰንበት ኣብ ከቢ. ኢንሹራንስ ክጅመር ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ኣብዚ ክልተኡ ጾታ ዝሳተፍዎ ውድድር፡ ካብ ሱቃይ ክሳብ ዓርቢ ናይ በረኻ ውድድር ድሕሪ ምኻይድ፡ ሰንበት 27 ጥቅምቲ ኣብ ከቢ. ኢንሹራንስ ክዛዘም እዩ።

## "ምስ ፌደረሽን እንግሊዝ ዝኾነ ርክብ ኣይነበረንን" ሃው

ዓሰልጣኒ ኒውካስል ኤዲ ሃው፡ ኣሰልጣኒ እንግሊዝ ንምዃን ምስ ፌደረሽን እታ ሃገር ርክብ ከምዘይገበረ ተዛሪቡ።

ኣቦ መንበር እቲ ፌደረሽን ዝኾነ ቡሊ.ግዝም፡ ዓሰልጣኒ ንምምዛዝ እንግሊዛውያን ዝርከቡዎም 10 ዝጠዘሉ ሕጹያት ቃለ-መሕትት ከምዘካየዱሎም ድሕሪ ምሕባሩ፡ ሃው ሓደ ካብኦም ሕጹያት ምንባሩ እዩ ተገሊጹ።

እንተኾነ፡ እዚ እንግሊዛዊ፡ "ምስቲ ፌደረሽን ዝኾነ ርክብ ኣይነበረንን" ክብል ኣፈሊጡ። ብግዜያዊ ዓሰልጣኒ እትሳለ ዘላ እንግሊዝ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ንጀርመናዊ ዓሰልጣኒ ቶማስ ቱኸል ከምዝመማዘዞ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ቀደም ተጻዋታይ እዛ ሃገራዊት ጋንታ ዋይን ሩኒ፡ "ቱኸል፡ ኣዝዩ ንፉዕ ዓሰልጣኒ እዩ፡ እንተኾነ ፌደረሽን እንግሊዝ ንዕኡ ምምራጹ ተገሪሙ። እዚ ፌደረሽን ኣብ ዝሓለፉ 10-15 ዓመታት ብመንእሰያት ዓለምቲ ጸቡቕ መድረኽ እዩ ሂቡ ነይሩ፡ ብኡኣም ዘይምቕጻሉ ድማ ገሪሙኒ። እንተኾነ ተወሲኑ እዩ፡ ንቱኸል ከኣ ጸቡቕ ዕድል እምነየሉ፡ ዝበለጸ ወጽኢት ከምጽኣልና ድማ እትስፎ።" ክብል ንምምዛዝ ቱኸል ገሊጽዎ።

## ኣርቴታ፡ መጉዳእቲ ሳካ ከቢድ ከምዘይኮነ ገሊጹ

ኣሰልጣኒ እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል ሚከል ኣርቴታ፡ መጉዳእቲ ናብ ክንፊ ኣጥቃዓዩ በካዮ ሳካ ከቢድ ከምዘይኮነ ትማሊ ኣብ ዝሃበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ሳካ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ሃገሩ እንግሊዝ ብዋሪኽ ኣብ ዝተሳዕረትሉ ናይ ኔሽንስ ሊግ ጸወታ እዩ ኣብ የማናይቲ እግሩ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ኣንጻር ፊንላንድ ንዝነበረቶም ጸወታ ጉዲፉ ከኣ ናብ ክለቡ ክምለስ ተቐሲቡ።

"ከቢድ መጉዳእቲ ኣይኮነን" ዝበለ ኣርቴታ፡ "ጸቡቕ እዩ ዝስተፍ ዘሎ። ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ መዓልታት ከኣ ገለ ጸቡቕ ነገር ገይሩ ኣሎ፣ ትስፉዎት ኢና ዘለና። ሎሚ (ንትማሊ እዩ) ናይ ምሸት ልምምድ ኣለና፣ ክጻወት ዝኽእል እንተኾይኑ ክላ ክንርእዮ ኢና።" ኢሉ።

እዚ ዓሰልጣኒ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ናይ ብርኪ ጸገም ዝገጠሞ ጀርመናዊ ካይ ሃቨርትስ፡ ሎሚ ክሰለፍ ጸቡቕ ዕድል ከምዘለዎ'ውን ሓቢሩ።



ብዘይካዚ፡ በን ዋይት፡ ተምበርን ዚንቸንኮን ናብ ጸወታ ክምለሱ ተቓሪቦም ኣለው፣ ሓሙስ ምስ መጉዳእቲ ዝተመለሰም ማርቲኔሊ እውን ግና ኣየፍለጠን - ብማሰረት እዚ ዓሰልጣኒ።

እንተ'ቲ ድሕሪ ወርሒ ኑሓሱ ሰሪ መጉዳእቲ ናይ ተዛደሶ ግዜ ዘሕለፍ ዘሎ ሓላፊኦም ማርቲን ኣደጋርድ፡ ዛጊት ድሉው የለን። ቀደሚ ወርሒ ሕዳር ዘሎ ኣህጉራዊ ግጥማት ክምለሶም ምዃኑ ግና፡ ብርእሱ ተኣማንኑት ገሊጹ። ብ17 ነጥቢ ንሊቨርፑልን ሲቲን ሰዒባ ሳልሳይቲ ዘላ ኣርሰናል፡ ሎሚ ናብ ቦርንማውዝ ተጓዒዛ ክትጻወት እያ።

## ሮናልዶ፡ ቅድምን ድሕርን 30 ዓመት ምምልኡ




ህቡብ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ዝሓለፈ ሰሙን መበል 133 ናይ ኣህጉራዊ ግጥማት ሸቶኡ ኣብ ልዕሊ ፖላንድ ምምዝጋቡ ይዝከር።

እዚ ፖርቱጋላዊ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ውድድር ናይ ክለቡን ሃገሩን መበል 442 ሸቶኡ እዩ ጸምቢሉ - ድሕሪ 30 ዓመት ምምልኡ። በዚ ከኣ ኑቲ ብራዚላዊ ሮማርዮ ብ441 ሸቶታት ሒዙዎ ዝጸንሐ ክብረ ወሰን ብምሕላፍ፡ ድሕሪ 30 ዓመት ምምልኡ ዝበዝሐ ሸቶታት ዘመዝገበ ተጻዋታይ ተባሂሉ፡ ኣብ መዝገብ ሰፊሩ።

እዚ ወዲ 39 ዓመት ብሉጽ ኣጥቃዓይ፡ ንሃገሩ ወዲ 18 ዓመት ምስ ኮነ ዝወከላ ኮይኑ፡ ክሳብ 2014 ወዲ 29 ዓመት (ናብ 30 ክሳብ ዝሰጋገር ማለት እዩ) ዝኸውን፡ 52 ሸቶታት ኣመዝጊቡላ። ካብታ 30 ዓመት ዝበጽሐ ዓመት 2015 ክሳብ ሕጂ ግን፡ ኣብ ትሽዓተ ዓመታት 81 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ።

ብዘይካዚ፡ እዚ ድሕሪ 30 ዓመት ምምልኡ ዘመዝገቦ ብዝሒ ሸቶታት፡ ንገለ ካብኦም ዝለዓሉ ኣመዝገብቲ ተጻወትቲ ዓበይቲ ሃገራውያን ጋንታታት'ውን፡ ልዕሊኦም ይሰርዕ። ኔይማር - ብራዚል 79 ሸቶታት፡ ሚሮስላቭ ክሎዘ - ጀርመን 71፡ ሃሪ ኬን - እንግሊዝ 68፡ ዳቪድ ቪላ - እስጳኛ 59፡ ኦሊቨር ጂሩድ - ፈረንሳ 57 ከምኡ'ውን ሉጂ ሪቫ - ኢጣልያ 35 ሸቶታት ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኦም ብምቁጻርም፡ ናይ ሃገራቶም ዝለዓሉ ኣመዝገብቲ እዮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ክርስቲያኖ፡ ናይዛ ዓመት'ዚኣ ዝለዓለ ተኸፋሊ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ምዃኑ፡ ናይ ቢዝነስ መጽሔት ፎርብስ ሓቢሩ። ዝሓለፈ ዓመት'ውን ዝለዓለ ተኸፋሊ ዝነበረ ሮናልዶ፡ ኣብዛ ዓመት እዚኣ 285 ሚልዮን ዶላር (220 ናይ ኣል-ነስር መሃያኡ፡ 65 ካብ ሜዳ ወጻኢ ዝኻዕቡዎ) ናብ ማሕፉዳኡ ብምእታው፡ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ኣብ ሓደ ዓመት ዝለዓለ ተኸፋሊ ክኸውን ክኢሉ። ብሓፈሻ ኣብ ስፖርት ተጻዋታይ ዝነበረ ፍሎይድ መይዌዘር ኣብ ሰሩዕ ውድድር እንከሎ ኣብ ሓደ ዓመት ዘኻዕቡዎ ገንዘብ ጥራይ እዩ ንሮናልዶ ዝበልጾ።

ሊዮኔል መሲ፡ 135 ሚልዮን ዶላር (60 ሚልዮን ካብ ሜዳ 75 ካብ ሜዳ ወጻኢ)፡ ኔይማር 110 ሚልዮን ዶላር (80 ካብ መሃያ 30 ካብ መሃያ ወጻኢ)፡ በንዜማ 104 ሚልዮን ዶላር (100 ሚልዮን ካብ መሃያ ኣርባዕተ ካብ ሜዳ ወጻኢ)፡ ምባፐ 90 ሚልዮን ዶላር (70 ካብ ሜዳ 20 ካብ ሜዳ ወጻኢ) ብምርካብ ከኣ ክሳብ ሓሙሻይ ተሰሪዖም ኣለው።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ

ቶተንሃም - ዌስትሃም 2:30 ድ.ቀ

ፉልሃም - ኣስቶን ቪላ 5:00 ድ.ቀ

ኢፕስዊች ታውን - ኤቨርተን 5:00 ድ.ቀ

ማን ዩናይትድ - ብረንትፎርድ 5:00 ድ.ቀ

ኒውካስል - ብራይተን 5:00 ድ.ቀ

ሳውዝሃምፕተን - ሌስተር ሲቲ 5:00 ድ.ቀ

ቦርንማውዝ - ኣርሰናል 7:30 ምሸት

**ላሊጋ**

ሰልታ ቪጎ - ሪያል ማድሪድ 10:00 ምሸት

**ሰሪኣ**

ኤሲ. ሚላን - ኡዲኔዘ 7:00 ምሸት

ጁቬንቱስ - ላዚዮ 9:45 ምሸት

**ቡንደስሊጋ**

ባየር ሙኒክ - ሽቱትጋርት 7:30 ምሸት

**ሊግ 1 ፈረንሳ**

ፒኤስጂ - ስትራስቦርግ 10:00 ምሸት

**ጽባሕ**

ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ዞባ

**ማእከል**

ዕዳጋ ሓሙስ - መረብ ሰቲት (ንደረ) 1:00 ድ.ቀ

ሓይሊ ኣየር - ፓራዲዞ 3:00 (ንዋንጫ) 3:00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሓማስ፡ መራሒኡ ኣብ ቓዛ ከምእተቐትለ ኣረጋጊጹ



ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝመደበሩ ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ፡ መራሒኡ - ያሕያ ሲንዋር ዝሓለፈ ሓሙስ ከምእተቐትለ ኣረጋጊጹ።

“ብጅግንነት ዝወደቐ ቅዱስ ሰውእ” ክብል ድማ ገሊጹዎ።

ላዕለዋይ ብዓል-ስልጣን ናይቲ ጉጅለ - ኸሊል ሃያ ትማሊ ዓርቢ ብቴለቪዥን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ያሕያ ሲንዋር ህይወቱ ንሓርነት ፍልስጤማውያን ዘወፈየ ተባዕ ሰብ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ክሳብ'ታ ተወጊኡ ትንፋሱ ዝሓለፈትላ ህሞት ካላሽኑ ኣብ ኢዱ ጨቢጡ ይታኾስ ከምዝነበረ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ “ሞት ያሕያ ሲንዋር፡ ንሓይልን ጽንዓትን ሓማስ መሊሱ ከዛይዶ እዩ። ሓማስ ኢየሩሳሌም ርእሰ-ከተማኣ ሃገረ ፍልስጤም ኣብ መሬት ፍልስጤም ክሳብ እትምስረት ቃልሱ ብዘለዓለ መንፈስ ክቕጽሎ እዩ” ክብል ኣጠንቂቑ።

እስራኤል ኣቐዲማ ብሓሙስ ምሸት ኣብ ዘዘርገሓቶ ሓበሬታ፡ እቲ ቀንዲ ሃንዳሲ መጥቃዕቲ 7 ጥቅምቲ 2023 ምዃኑ ክትከሶ ዝጸንሐት ወዲ 62 ዓመት መራሒ፡ ኣብ ሓደ ህንጻ እንከሎ ካብ ታንኪ ብዝተተኮሰሉ ቦምባ ተሃሪሙ ከምእተቐትለ ኣፍሊጣ ነይራ።

ኣመሪካ እተርከበን ሓያላ ሃገራት ምዕራብ፡ ቅትለት ያሕያ ሲንዋር ነቲ ህይወት ኣስታት 42 ሽሕ ፍልስጤማውያን በሊዑ ዘሎ ደማዊ ኲናት ቓዛ መኽተምታ ክገብረሉ ትጽቢተን ክገልጻ እንከለዋ፡ ገለ ወገናት ግን፡ እቲ ቅትለት ነቲ ኩነታት መሊሱ ከየብኣሶ ስግኣቶም ይገልጹ።

## ነታንያሁ፡ እስራኤል ንኢራን ክትድብድባ ከቲሙ



ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ነታንያሁ፡ ሃገሩ ኣብ ኢራን ክትድብደቦም ናይ ዝሓረያቶም ዝርዝር ዒላማታት ንዝሓዘ ሰድ ከምዝኸተመሉ ተሓቢሩ።

ዝሓለፈ ሓሙስ ሓደ ስሙ ክጥቀስ ዘይደለየ ላዕለዋይ ብዓል-ስልጣን እስራኤል፡ ‘ኤቢሲ’ ንዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣመሪካ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነታንያሁ ነቲ ‘ክድብደብ ኣለዎ’ ተባሂሉ ብሓለፍቲ ስለያን ሰራዊትን እስራኤል ዝቐረበሉ ዒላማታት ኢራን ንኸኒሉ ከምዝተቐበሎ ኣፍሊጡ።

እንተኾነ እቲ ክድብደብ ተመሪጹ ዘሎ ዒላማታት ወተሃደራዊ ደዩ ዋላስ ሲቪላዊ፡ እቲ ብዓል-ስልጣን ተወሳኺ ሓበሬታ ክህብ ኣይከኣለን።

ብተወሳኺ፡ እስራኤል ነቲ ናይ ሕነ መጥቃዕቲ እትፍጽመሉ ዕለት ኾነ ከምዝይወሰነት፡ እቲ ብዓል-ስልጣን ኣመልኪቱ።

ገለ ማዕከናት ዜና ኣመሪካ ግን፡ እቲ መጥቃዕቲ ቅድሚ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ከይተፈጸመ ከምዘይተርፍ ይሕብራ።

‘ዋሺንግተን ፖስት’ ዝተባህለ ኣብ ኣመሪካ ዝሕተም ጋዜጣ፡ ኣብ ፈለማ ናይ'ዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ “እስራኤል ኣብ ኢራን ንወተሃደራዊ ዒላማታት ጥራሕ ከምእትድብድብ፡ ነታንያሁ ንፕረዚደንት ጆ ባይደን ቃል ኣትዩሉ ኣሎ” ክብል ጸብጺቡ ነይሩ።

እዚ ከኣ፡ እስራኤል ንትካላት መጻረዪ ነዳዲ ይኹን ኑክሌሳዊ መሳለጥያታት ኢራን ክትድብድብ ኣመሪካ ፈጺማ ከምዘይትድግፎ፡ ፕረዚደንት ጆ ባይደን ድሕሪ ምግላጹ ሰዓቡ ዝወጸ ሓበሬታ'ዩ ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኢራን ነቲ ካብ እስራኤል ክፍጸማ ዝኽእል መጥቃዕቲ ዓጸፋታዊ ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ምዃና፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር ዓባስ ኣራቕቺ ኣጠንቂቑ።

ንሱ እዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃበ፡ ምስ ዋና-ጸሓፊ ሕብረት ሃገራት ኣንቶኒዮ ጉተረዝ ብቴሌፎን ኣብ ዘካየዶ ዝርርብ ኩይኑ፡ ኢራን ንዝኾነ መጥቃዕቲ እስራኤል ምላሽ ክትህቦ ምልእ ብምልእ ተዳልያ ከምዘላ'ውን ወሲኹ ኣገንዚቡ።

## ዩክሬን፡ ‘ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ንምምዕባል መደብ የብለይን’ ትብል



ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ናይ ምምዕባል ጥሙሕ ይኹን መደብ ከምዘይብላ ኣፍሊጡ።

ንሱ እዚ ዝገለጸ እታ ሃገር ኣብ ውሽጢ ሓደት ሰሙናት ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ከተማዕብል ከምእትኽእል፡ ኣብ ጀርመን እትሕተም ‘በልድ’ ዝተባህለት ጋዜጣ፡ ንሓደ ላዕለዋይ ዩክሬናዊ ብዓል-ስልጣን ብምጥቃስ ዝሓለፈ ሓሙስ ድሕሪ ምሕባራ እዩ።

ዘለንስኪ ግን ብሓሙስ ምስ ሓድሽ ዋና-ጸሓፊ ኔቶ - ሆላንዳዊ ማርክ ሩተ ኣብ ብራሰልስ - በልጅም ድሕሪ ምርኻቡ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ “ሓደ ሓደ ግዜ ባዕልና ጸዋታት ንፈጥር ኢና። ሓቂ ንምዝራብ ግን፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ንምምዕባል ተዳሊና ምህላውና ዘመልክት ዘረባ ኣተንቢህና ኣይንፈልጥን ኢና” ክብል ምላሽ ሂቡሉ።

ንሱ ወሲኹ፡ “ንሕና እንትርፎ ምስ ኔቶ ምጽንባር፡ ካልእ ዝኾነ ይኹን ምርጫ የብልናን። ዋላ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ምምዕባል'ውን ምርጫና ኣይኮነን” ኢሉ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ፕረዚደንት ኣቐድም ኣብሉ (ዝሓለፈ ረቡዕ) ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምስ'ዚ ዝሓለፈ ሓሙስ ዝበሎ ዝጋጮ መግለጺ'ዩ ኣስሚዑ ነይሩ።

ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ “ዩክሬን ድሕነታ ንምርግጋጽ ክልተ ኣማራጺታት ጥራሕ'ዩ ዘለዋ። ንሱ ከኣ - ወይ ናብ ኔቶ ምጽንባር ወይ ድማ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ምውናን እዩ” ክብል ተዛሪቡ ነይሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣቐዲሙ ናብ ኣመሪካ ኣብ ዝኸደሉ እዋን እውን፡ “ካብዚ ኩናት ከውጽኣና ዝኽእል ምስ ኔቶ ምጽንባር ድዩ ዋላስ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ምምዕባል እዩ?” ክብል ንዶናልድ ትራምፕ ተወኪሱዎ ከምዝነበረ ሓቢሩ።

ድሕሪ ምብትታን ሕብረት ሶቬት፡ ብመሰረት'ቲ ኣብ 1994 ዝተበጽሐ ብ ‘መዝከር ቡዳፔስት’ ዝፍለጥ - ኣመሪካ፡ እንግሊዝን ሩስያን ዝኸተማሉ ውዕል፡ ዩክሬን ኣብ ትሕቲ ግዝኣታ ዝነበረ ኩሉ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ንሩስያ ከምዘረከበት ሰነዳት የመልክቱ።

## ቀ/ሚኒስተር ሊባኖስ፡ ንምትእትታው ኢራን ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ይነጽግ



ግዚያዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ሊባኖስ ናጂብ ሚካቲ፡ ኢራን ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ንእትገብሮ ዘላ ምትእትታው ብትሪ ከምዝጸገን ኣፍሊጡ።

እቲ ናይ ሓደራ መራሒ መንግስቲ እዚ ዘፍለጡ፡ ኢራን፡ ንጉዳይ ደቡባዊ ሊባኖስ ዝምልከት ውሳኔ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ባይታ ንምትግባር ምስ ፈረንሳ ክትዘራረብ ድልውቲ ከምዝኾነት ኣፈ-ጉባኤ ፓርላማ እታ ፋርሳዊት ሃገር ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

ቡቲ መግለጺ ዝተቖጥዐ ናጂብ ሚካቲ ድማ፡ “ኣብ ዘይምልከተካ ጉዳይ ጦብሎቕ ምባል ከበቕዕ ኣለዎ” ክብል ትማሊ ዓርቢ ምላሽ ከምዝሃበሉ ተሓቢሩ።

ኣብ 2006 ዝጸደቐ ብ ‘ውሳኔ 1701’ ዝፍለጥ ብይን ሕቡራት ሃገራት፡ ምስ እስራኤል ዝዳወብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ፡ ኣካል ሰራዊት መንግስቲ ሊባኖስ ካብ ዘይኮኑ ወተሃደራት ይኹን ኣጽዋር ናጻ ክኸውን ዝጠልብ እዩ - ብመሰረት ጸብጻባት።

ኣፈ-ጉባኤ ፓርላማ ኢራን መሓመድ በከር ጋሊባፍ፡ ሃገሩ ኣብ ትግባረ እቲ ውሳኔ ኣመልኪታ ምስ ፈረንሳ ክትዘራረብ ድልውቲ ከምዝኾነት ዝገለጸ ዝሓለፈ ሓሙስ ምስ ማዕከናት ዜና ኢራን ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት እዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናጂብ ሚካቲ ከኣ፡ “ኢራን መገዛእቲ ሊባኖስ ክትከውን ትፍትን ኣላ” ክብል ወቒሱ።

ንሱ ወሲኹ፡ ጉዳይ ዘተ ኣብ ትግባረ ውሳኔ ሕቡራት ሃገራት፡ ንሊባኖስ ደኣ'ምበር ንኢራን ፈጺሙ ከምዘይምልከት ኣስሚሩሉ።

ብመሰረት እቲ ውሳኔ፡ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ምንቅስቓስ ካብ ሰራዊት መንግስቲ ወጻኢ ዝኾኑ ዕጡቓትን ኣጽዋርን ከይህልዉ ንዝከታተሉ ሓይሊታት መንግስቲ ሊባኖስ ዝተሓጋገዙ ዓቕብቲ-ሰላም ወተሃደራት ሕቡራት ሃገራት ኣብቲ ከባቢ ተዋፊሮም ከምዝለዉ ይፍለጥ።

እንተኾነ፡ እቶም ዓቕብቲ-ሰላም ወተሃደራት ንሕዝቦም ካብቲ ከባቢ ከርሕቑዎ ከምዘይክእሉ እተኸሰሰ እስራኤል፡ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ካብቲ ቦታ ክስሕቦም ትሓትት ከምዘላ ይገልጹ።

## ባንግላድሽ - ቀ/ሚኒስተር ነበር ክትቅየድ ትእዛዝ ተመሓላሊፉ



ቤት-ፍርዲ ባንግላድሽ፡ ብዝሁባዊ ናዕቢ ካብ ስልጣና ዝተኣልየት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ዝነበረት ሸኽ ሓሲና፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክትኣቱ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ።

እታ ጓል 77 ዓመት መራሒት መንግስቲ ዝነበረት፡ ህይወት ናይ ልዕሊ 700 ባንግላደሻውያን ዘለከመ ሓያል ህዝባዊ ናዕቢ ምስ ኢጋጠማ'ያ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ ስልጣና ለቒቓ።

ዋና ኣኽባር ሕጊ ኣህጉራዊ መጋባእያ ገበናት ባንግላድሽ ብሓሙስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሸኽ ሓሲናን ካልኦት መሳርሕታ ዝነበሩ 45 ሰበ-ስልጣን ነበርን ዝመጽእ 18 ሕዳር ክሰም ንምስማዕ ኣብቲ መጋባእያ ብኣካል ክርከቡ እቲ ቤት-ፍርዲ ኣዚዙ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሸኽ ሓሲናን መሳርሕታን ቀሪቦም ዘሎ ክሲ - ‘ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት’ ዝብል ምዃኑ'ውን እቲ ዋና ኣኽባር ሕጊ ወሲኹ ሓቢሩ።

ሸኽ ሓሲና፡ ካብቲ ን15 ዓመታት ሃገር ዝመርሓትሉ ኮረሻ ስልጣን ብ5 ነሓሰ ድሕሪ ምውራዳ፡ ብኣ ንብኡ ካብታ ሃገር ሃዲማ ኣብ ህንዲ ከምእተዓቖበትን ክሳብ ሕጂ ኣብኡ ከምዘላን ይፍለጥ።

ባንግላድሽን ህንድን ብገበን ዝተኸሰሱ ጥርጡራት ኣሕሊፈን ክወሃሃባ ዘገድድ ውዕል ስለዘለወን፡ ሸኽ ሓሲና ናብ ሃገራ ካብ ምምላስ እተምልጠሉ ዕድላት ኣዝዩ ጸቢብ ምዃኑ ተዓዚቦቲ የረድኡ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 19/10/2024 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኣምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565